# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.180 | ቀዳም 29 መጋቢት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ትዕዝብቲ

ገጽ 3
ሓሳብ ፈለግ


ገጽ 4
ጥዑይን ሓደገኛን ቃንቋ ብኸመይ ንፈልዮ?


ገጽ 5
"ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት!"


ገጽ 11
ሻምፕዮን ሱፐር-ዲቪዥን 'ኤ' ይቕጽል



## ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ፡ ገምጋም ዓመት-ትምህርቲ ኣካዪዱ



ሰኣሊ ሙሴ ኪዳነ



ኣብ ሳዋ እትርከብ፡ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርቶም ንዘዘሙ ተመሃሮ ተቐቢላ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ እተሰንቕ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ገምጋም ዓመት-ትምህርቲ 2024/2025 ኣካዪዳ፡፡ ብ25ን 26ን መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ትምህርቲ ኣብ ዞባታት፡ ኣሃዱታት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሓለፍቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምምሕዳር ዞባታት፡ ወከልቲ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ላዕለዎት ኣዘዝትን ኣሊዪቲ ተመሃሮን ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሳቲፎም፡፡

ርእሰ-መምህር 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ - መምህር ርእሶም ጉብረሂወት ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ዓመት-ትምህርቲ 2024/2025 ካብ 111 ናይ 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝመጽኡ፡ 50.4 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከባኦም ኣስታት 20 ሽሕ ተመሃሮ ከም እተቐበሉ ብምጥቃስ፡ 99 ሚእታዊት ትምህርቶም ብዓወት ከም ዝዛዘሙ ገሊጹ፡፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣሃዱታት ኣካዳሚያዊ ጉዳያት ተመሃሮ፡ ባህሊ፡ ስፖርት ጥዕናን፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ምርምርን ካልኦት ወሃብቲ ደገፍ ኣሃዱታትን ጸብጻብ ስርሐን ኣቕሪበን፡፡

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዓሚቝ ዘተ፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝዕንቅጹ ሕጽረታት ተለልዮም ቅልጡፍ ፍታሕ ክረከበሎም፡ ተመሃሮ ዕውታት ኩይኖም ንኽወጹን እኹል ፍልጠት ንኽድልቡን ኣብ ዞባታት ዘለዋ ኣብያተ-ትምህርቲ ጻዕረን ከሐይላ፡ ትምህርቲ መዛና ብዘለዓለ ክድፋኣሉ፡ ኣብ ምደባ መምህራን ዝርአ ምድንጓይ ፍታሕ ክናደየሉ ዝብሉን ካልእን ለበዋታት ኣቕሪቦም፡፡

ወኪል ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ኣብ ዝሃቦ መዕጸዊ ቃል፡ ኣብ'ቲ ገምጋም - ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ምስታፎም፡ ዝጸንሐ ጉድለታት ፈሊጥካ ንምእራም ኣገዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ህንጸት ብቑዕ ዜጋ - ግደን ኣበርክቶን መምህራን ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዕቱብ ክስራሕ ተላቢዩ፡፡

ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ብ24 መጋቢት'ያ ናይ ዓመት-ትምህርቲ 2024/2025 ንጥፈታታ ዛዚማ፡፡

## ዓንሰባ - ኣብ ጽልዋታት ልምዓታዊ ወፍሪ ዘተኰረ ስልጠና ተዋሂቡ

ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዓንሰባ ንዝመጽኡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ኣብ ባህርያዊ፡ ክሊማውን ማሕበራውን ጽልዋታት ልምዓታዊ ወፍሪ ዘተኰረ ስልጠና፡ ካብ 17 ክሳብ 21 መጋቢት ኣብ ከረን ተዋሂቡ፡፡

እቲ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝመጽኡ ሞያውያን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝጸንሐ ኣፍልጦ ብምዕባይ፡ መደባት ልምዓት ኣብ ዝስላሰሉ፡ ብኮሉ ብርሰት ኣከባብን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ከይስዕብ ጥንቃቐታት ንምግባር ዝዓለመ'ዩ፡፡

ዝግበር ወፍሪ ሕርሻዊ ልምዓት ዝያዳ ዕዉት ንኽኸውን፡ ምስ ነብርቲ ዝበለጸ ዝምድና ብምፍጣር፡ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ተረዲእካ መፍትሒታት ምንዳይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ድማ ገሊጾም፡፡

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና ኣብ ስርሖም ሓጊዚ ብምዃኑ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም፡፡


### ሓበሬታ ብዛዕባ ምስራቕ ወርሒ ሸዋል 1446 ሂ/2025 ዓ.ም

ሂላል ወርሒ ሸዋል፡ ሎሚ ቀዳም 29 ረመዳን 1446 ሂጅሪያ ማለት 29 መጋቢት 2025 ዓ.ም ምሸት ክትሰርቕ ትጽቢት ይግበር፡፡ ስለ'ዚ፡ ኩሎም ኣመንቲ ብትኹረት ክከታተሉ፣ ርእዩ ምስራቓ ዘረጋገጸ ድማ ምስክርነቱ ንዘቕረበ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ኢፍታእ ወይ መጅልስ ኣውቃፍ ክሀብ ይሕተት፡፡

ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ምሸት ምስራቕ ወርሒ ሸዋል ምስ ዘረጋገጽ፡ ሰንበት 30 መጋቢት ዒድ ኣልፈጥር ይኸውን፣ ምስ ዘይረጋገጽ ግና ዒድ ኣልፈጥር ሰኑይ 31 መጋቢት ምዃኑ ንሕብር፡፡

ቤት-ጽሕፈት ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን


## ደቡብ - ነቕጣታት መከፋፈሊ ሓይሊ ኤለክትሪክ ይሰራሕ ኣሎ

ንንኡሳን ዞባታት ሰንዓፈ፡ ዓዲቐይሕ፡ ጸሮናን ማይ-ዓይኒን ኣገልግሎት ዝሀብ፡ ኣብ ሰለስተ ገጻት ዝትግበር ዘሎ መከፋፈሊ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ 95 ሚእታዊት ከም እተዛዘመ ተገሊጹ፡፡

እቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ኢንጂነር ዕቑባዝጊ ከሰተ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምንጪ ናይ'ቲ መከፋፈሊ ነቕጣ፡ ካብ ሕርጊጎ ተበጊሱ ብደቀምሓረ ዝሓልፍ መስመር ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተሪፉ ዘሎ ስርሓት ምስ ተጻፈፈ ኣገልግሎት ከም ዝጅምር ኣረጋጊጹ፡፡

ካብ ኩባንያ ልምዓትን ህንጻትን ባድመ - ኢንጂነር ጉብረሂወት ርእሶም ብወገኑ፡ እቲ ስራሕ ምስ ኮርፖረሽን ሓይሊ ኤለክትሪክ ኤርትራ ብምትሕብባር ዝዕመም ዘሎ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ከም'ዚ ዝበለ ዓቢ ፕሮጀክት ምትግባሩ፡ መርኣያ ተጠርዩ ዘሎ ናይ ምግባር ዓቕሚ ከም ዝኾነ ሓቢሩ፡፡

ምስ'ዚ ኣብ ዝተኣሳሰረ ዜና፡ ህዝቢ ምምሕዳራት ከባቢ ሃዳሙ፡ ዐዲብር፡ ሓይቦ፡ ሕሽመሉ፡ ተኾንዳዑ፡ ማእለውያ፡ ደርዓን ኣወቀሮን ኣብ'ቲ ስራሕ ተዋፊሮም ንዘለው ኣካላት የቐንየልኩም ክብሉ ወከልቲ ኤሬና ኣፍሊጦም፡፡



ሰኣሊ ሚልዮን ኣፈወርቂ

# ትዕዝብቲ
## ክልሰ ሓሳብ ምዉት ፈረስ

ከምቲ ኣብ ምስላ ትግርኛ “ዓሚ ዝሞተ ምራኽ ፈታ” ዝብሃል፡ እንግሊዝውያን እውን “ክልሰ ሓሳብ ምዉት ፈረስ” (The Dead Horse Theory) ዝብሉዎ፡ ህቡብ ተምሳሊታዊ ኣምር ኣለዎም።

እዚ ኣምር’ዚ፡ ብዙሕ ግዜ ምስ ጉዳያት ቁጠባን ወትህድርናን ተኣሳሲሩ ዝለዓል’ዩ። መሪሕነቱ፡ ንዘሞተ ወይ ዳግም ክምለስን ክጸግንን ዘይክእል ኩነት፡ ገና ከም ህልው ቆጺሮም፡ ብዘይኣኡ ክሓስቡ፡ ስትራተጂ ክቕይሱ፡ ዘየለ ነገር ክዘረቡ ከለዉ ዝዘውተር እዩ። ወዮ ፈረስ ቀደም ሞይቱ እንከሎ፡ “ሓይሉ ምእንቲ ክበርትዕ መግቢ ክንወስኸሉ ኣለና፣ ንሩዕ ጋላቢ ክንቖጽረሉ፡ ሓደሽ ሓለንጊ፡ ሓደሽ ጫማ ክንዕድገሉ” ዝዓይነቱ ሂስተርያ።

ዝወረዶ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ጉዳይ ባሕሪ ቀደም ብታሪኽን ሕግን ከተያ ተገይሩ ዝሓለቐ ክነሱ፡ ዕለታዊ ኣብ ማዕከናት ቴለቪዥንን ማሕበራዊ ሚድያን ብህሎታት ምዉት ፈረስ ክሰምዑ ከሪሞም ሓሚዮም።

- ኣብ መጽኢታ ምህሮ ዝንገር ዛንታ በደላ (ጥንታዊ ንግድ ሂብካ ምቕባል)፣ ሎሚ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣት ሃገራት ከም ዝሰርሕ ያኢ. . . “ንሕና ርስቲ እንዳምትና ክንወርር ኣይብልናን፣ ባሕሪ ሃቡና. . . ካብ ጸጋና ክንፍልጠኩም ኢና ንብል ዘለና። ሰባት ኣብ ማርስ ግዝኣት ክሕዙ እናሓለሙ፡ ኣብ ኣፍንጫና ዘሎ ባሕሪ እንተሓለምና እንታይ ነውሪ ኣለዎ?”

- ብዛዕባ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ሓደሽ ሕጊ ከም እተነድፈ፣ “ማሕበረሰብ ዓለም ጸገምና ተረዲኡልና ኣሎ፣ ‘ሓቅኹም ኢኹም፣ ኣመና በዚሕኩም፣ ግድን ባሕሪ ከድልየኩም’ዩ’ ይብለና ኣሎ፣ እዚ ንዓና ዓቢ ዓወት’ዩ፣ ብዛዕባ ቀይሕ ባሕሪ ምዝራብ ነውርነቱ ኣብቂዑ እዩ።”

- ብመቕሕ ዝቖፈደካ ከም ዘሎ፣ ናይ ተም ማርሻል ሓረግ (prisoners of geography) ብዘይ ሕንክት ቀዲሑኻ “ክንዲ’ዚ ንኣክል ህዝቢ ተኣሲርና ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና። ጉዳይ ባሕሪ መዕለቢ እንተ ዘይግበረሉ ዓቕሉ ዝጸበበ ህዝቢ ክፍርሻሕ ከሎ፡ ጉርፌ ኮይኑ ክልክመኩም እዩ።”

- “ተማሲገን ፈጣሪ! ኣፍደገ ባሕሪ ረኺብና! ሕልምና ተጋሂዱ!’ ዝብል ዜና ኣብሰርኩ፡ ሰባት ኣጨፊሩ፡ ቀለም ከይቐጸ፡ “ይቕረታ! ሸምጢሉና! ተጋጊና ኢና! ግን ናይ ባሕሪ ሕቶና፡ ሕጂ እውን ናይ ህላወ ሕቶ እዩ።”

- ወተሃደራዊ ዓቕምኻ ዓለም ብዓለሙ እናፈለጦን እናሓፈረሉን፣ ሩሕ ከምዝሎ፡ ብዓቕሚ ንዘይትዳረጎም “ድሓን ኣጆኹም ኣይትፍርሑ፡ ኣይንወረኩምን ኢና፡ ንዘራረብ ኢና ንብል ዘለና። ሓጽናዮ ዘለና ወተሃደራዊ ዓቕሚ ኣብዚ ዓለም መዳርግቲ የብሉን፣ ግን ኣይትሻቐሉ፡ ንሰላም እምበር ንወረር ኣይኮነን።”

- ሰፊሕ ከባቢታት ሃገር ካብ ቁጽጽር ወጺኡ ኮይኑ፡ ብታኒ ሃገር እናንጸላለወ፣ ኑቲ ዝዓበየ ክፋል ሃገር ከምዝቕለ ሓሲቡኻ፡ “ድሓን ቤተ መንግስቲ ክበጽሑ ኣይክእሉን እዮም፣ በዓል እከለ እዮም ዝሕማዙዎም ዘለዉ፣ ጀነራል እከለ’ዩ ብፍዕብያ ተመኺሩ ዘወሰዶም ዘሎ።”

- ኣደራዕ ቁጠባዊ ውድቀት ህዝቢ ባዕሉ እናተሓመሰ፣ ረድኤት ተቛሪጹ ኢልካ እናተጣራዕካ፡ “ቁጠባና ብልዑል ፍጥነት ይሕንበብ’ዩ ዘሎ፣ ዓለምለኽ ትካላት መንነሳና፡ እዚ ዘሎ ዝቕባበን ናህሪ ዋጋታትን ምልክት ዕብየትና’ዩ፣ ቁጠባና በዚ ዝጉዕዞ ዘሎ ግድን ኣፍደገ ባሕሪ ከድልየ’ዩ።”

ሃለውለው ክልሰሓሳብ ምዉት ፈረስ ዝርዝራቱ ብዙሕ’ዩ። እንተኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ በዓል ነዊሕ ተመኩሮ’ዩ። እቲ ዕላማ፡ ብዘየሰምር ባህጊ ህዝቢ ኣራሲንካ፡ ዛዕባ ካብ ወሻጢ ንደገ ንምቕናዕ እኳ እንተነብረ፡ ከቡ ዝወሰደ የለን። ግብረ መልሲ ህዝቢ “ዓኾኹም ደለዩ” ኮይኑ. . . ብዘይካ ሒደት ዝተኸፍሉ መጋዋሕቲ፣ እቲ ዝጠዝሕ፡ ካብኡ ዝቢ ጉዳይ ኣለና ኢሉ. . . እዝዚ እኳ ኣይዝኖ፡ መርኣያ ኣጨናዊ ተዃጺሉ!

ዜና

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ንኣለይቲ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ሓገዝ ተገይሩ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ ዋደ፡ ኣጦን ጋሓረን - ን/ዞባ ደቡብ ደንካልያ፣ ከምኡ’ውን ዕዲን ኣፋምቦን - ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያን ንዝርከቡ ኣለይቲ ስንኩላን ስድራቤታት ናይ ጥሪት ሓገዝ ገይሩ።

እቲ ሓገዝ፡ ንኸፍሲ-ወከፍ ስድራ 40 ጥሪትን ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ ጥረ ገንዘብን ኩይኑ፡ ኣብ ምቕላል ጸገም መነባብሮ ኣበርክቶ ንምግባር ዝዓለመ’ዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ’ውን ተመሳሳሊ ደገፍ ክግበር ምዃኑ፡ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስኩላን ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣፍሊጡ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዝርከቡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን፡ ማሕበራውን ስድራቤታውን ተዘጺሎ ንኸየጋጥሞም ክግበር ኣብ ዘለዎ ጻዕሪ ዘተኩረ ዘተ፡ ብ25 መጋቢት ተኻይዱ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለውን ስንክልና ኣብ’ቲ ን/ዞባ ኣቶ መሓመድ ዓብደልቓድር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ጉዳይ ናይ’ዚ ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት፡ ንኣባላት ስድራቤት፡ ሕብረተሰብን ማሕበራትን መንግስትን ዝምልከት ማሕበራዊ ሕቶ ከምዝኾነ ገሊጹ።

# ዓንሰባ - ልምዓት ጀራዲን ይሰፍሕ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ልምዓት ጀራዲን እናሰፍሐ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ከሰተ ጎይትኦም ሓቢሩ።

ካብ ሳዕለዋይ ማይ-ክያ ንኡስ ዞባ ዒላተክሊዛን ክሳብ ታሕተዋይ ክፋል ንኡስ ዞባ ኣሰማጥ ኣብ ዝዝርጋሕ ከባቢታት፡ ቁጽሪ ኣሕምልትን ፍረታትን ዘልምዑ ሓረስቶትን ስፍሓት ዝለምዕ መሬትን እናዓበየ ምምጽኡ ዝሓበረ ኣቶ ከሰተ፡ ብጠቕላላ ኣስታት 3 ሽሕ ሄክታር ይለምዕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ምስ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር፡ እቶት ኣሕምልቲ ብ3 ሚእታዊት፣ ፍረታት ድማ ብ6 ሚእታዊ ዕብየት ከምእተመዝገበ ብምሕባር፡ ኣብ 2025 ተወሳኺ መሬት ናይ ምልማዕ መደብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣሕምልቲ ብዝበዝሑ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዒላተክሊዛንን ገለብን፣ ፍረታት ድማ ኣብ ንኡስ ዞባታት ዒላበርዕድ፡ ሓመልማሎን ከረንን ከምዝዘውተር ጠቒሱ ድማ፡ ሞያዊ ደገፍ እናገበርካ ንምምዕባሉ ከምዝስራሕ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ክጥቀሙ ተላቢዩ።

# ሞልቂ - ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብዝለዓለ ክድፋኣሉ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቂ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ምስ ነበርቲ ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዝገበሮ ርክባት ኣተሓሳሰበ።

ኣቶ ዘርኣይ በርሀ ምስ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ እንዳጋብር፡ ኣይትዓብር፡ ዓዲኳኺትን ዓዲ-ገሚዓን ዝገበሮ ዘተ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ምርጋእ መሬትን እቶታውነት ሕርሻን ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎ፡ ክራማት ቅድሚ ምእታዉ ብስፋሓት ክትግበር ተላቢዩ።

ምስ ምእታው ክራማት ተታሓሒዙ ዝዕመም ቅድመ-ምድላዋት ብኣጋ ክጅመርን ብዝለዓለ ክስራሓሉን ብምዝኽኻር ድማ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ መሪሕ ተራ ክህልዎም ጸዊዑ።

ተሳትፍቲ ብወገኖም፡ ዘይተጠርኡ ቁሸታት ኑቲ ብመልክዕ ወፈራታት ዝፍጸም ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብኣሉታ ይጸልውኦ ስለዘለዎ፡ ምጥርናፍ ዓድታትን ቁሸታትን ብዝቐልጠፈ ክትግበር ሓቲቶም።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ኮርፖራል ስምኦን ወልደገሪም፡ ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ከምኡ’ውን ምውሓስ ሰላምን ርግኣትን ከባቢ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍስ. 125013 - ቍሳጶ. 1284

# ሰረጃቓ - ደቂኣንስትዮ፡ ስልጠና ምርባሕ ንህቢ ተዋሂበን

ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ንልዕሊ ሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያ ምርባሕ ንህቢን ኣሰራርሓ ጋብላዊ ቆፎን ዘሰልጠነን ኣለይቲ ስድራ፡ ብ27 መጋቢት ኣመሪቓ።

ኣብ እምባደርሆ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ተኽኣ ጎይትኦም፡ ሰልጠንቲ ደሊትን ዝንባለን ዘለወን ኩይነን፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ እምባደርሆን በኣዝን ከምዝተኹና ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፈን መጠነ ዝኾነን ክልተ ቆፎታት ከምዝተሰርሓ ሓቢራ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊት ክፍሊ ማሕበራ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ ብወገና፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምኦ ስልጠና፡ ነፍሰን ክኢለን ቁጠባዊ ዓቕሚ ስድራ-ቤተን ካብ ንምዕባል ብምዃኑ፡ ብዕቱብ ርእየን ብዋዕባራዊ ስራሕ ክማዕብልኦን ናብ ከባቢአን ክስፍሕኦን ተማሕጺና።

“ንደቂኣንስትዮ ሞያ ምዕጣቕ፡ ድርብ ረቡሓ ኣለዎ” ዝበለ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ኣቶ ክፍለማርያም ጉብረመስቀል፡ ሰልጠንቲ ጉዒ-ጉዒ’ቲ መሳብሮኣን ንምምሕያሽ ዝገበርኦ ጻዕሪ፡ ንዝቐሰምኦ ፍልጠት ናብ ካልኦት ደቂኣንስትዮ ከመሓላልፋ ብምልባው፡ ምትሕብባር ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ከምዘይፍለየን ኣረጋጊጹ።




ሰኣሊ. ዙቤር ሰዒድ

# ኩርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሓሳብ ፈለማ

እቶም ኣብዚ ዘመን ዘርከብና፡ ዝበዝሐ ህይወትና፡ ኣናብራና፡ ፍልጠትና፡ ሓይሊናን ጸጋናን ካብ ትማሊ ዝረኸብናዮ እዩ። ቀዳሞት ዝነበሩ ወለዶታት ሓሰብቲ፡ ተመራመርቲ፡ መሃዝቲ፡ ፈጠርቲ እዮም ነይሮም። እቲ ፍልጠቶም፡ ምህዞኦም፡ ፈጠራኦምን ተመኩሮኦምን ንዓለም ኣብዚ ደረጃ ክትበጽሕ ኣኽኢሉዋ። ንኹሉ ፍልጠት መበገሲ ኣሎዎ። ነቲ ፍልጠቶም ኣብ ግብሪ ደጋጊሞም ብምፍታን፡ ክዕወቱሉን ክሳብ ሎሚ ክጽውዑሉን ክኢሎም። ነዚ ናይ ሎሚ ወለዶ ከኣ ሓፍ ዘይብል ፍልጠትን ናይ ምፍታን ዓቕምን ገዲፎሞሉ ሓሊፎም።

ንሕና'ውን ብዘይ ፍልጠት፡ ምህዞን ፈተነን ናብራና ክንለውጥ ኣይከኣልን እዩ። ከምቲ ቀዳሞት ንዘመና ዝጽውዑሉ ዘለው፡ ክንጽዋዕ ንኽእል ኢና። "ቀዳሞት እዚ ዝገበሩ…፡" "ቀዳሞት ከምዚ ዝፈጠሩ…፡" ወዘተ ክንበሃል ንኽእል ኢና። ንኹሉ መበገሲ ነይሩዎ። ብሓንቲ ስጉምቲ ከኣ'ዩ ዝጅምር።




ቀዳሞት ኣብ ማያት ዘንሳፈፉ

ኣብ ከባቢ ማያት ዝነብር ህዝቢ፡ ኣብ ልዕሊ ማያት ከንሳፍፍን ኪንዮ'ቲ ስፍራኡ ሓሊፉ እንታይ ከም ዘሎ ክፈልጥን ክቱር ባህጊ ነበሮ። ነዚ ባህጉ ሕልሚ ለይቲ ጥራይ ኰይኑ ክርሳዕ ኣይደለየን። ኣብ ግብሪ ክርእዮ ለይትን መዓልትን ክሓስበሉን ክፍትንን ይነብር ነይሩ። መወዳእታኡ ከኣ ክዕወተሉ ከኣለ። እዚ ባህጊ ዝሰመረሎም ቀዳሞት ግብጻውያን ምዃኖም ይንገር። ዋላ'ኳ ኣጸቢቑ ርጉጽ ኣይኹን፡ ቅድሚ 5000 ዓመታት፡ ግብጻውያን ጃልባታት ይጥቀሙ ምንባሮም ዝምስክር ኣብ ጥንታዊ ኣኻውሕ ዝወቀጥዎ ምስለን ንምስክር ይቐርብ።

ኣብ ማያት ምንስፋፍ፡ ንሓድሕዱ ብዝተኣሳሰረ ኣዕኑድ ዝጀመረ ክኸውን ይኽእል። እቲ ቀዳማይ ስጉምትታት ከኣ ናብዘን ዓርሞሸሸ መራኽብን ሳብ-ማሪንን ኣብጺሑ። ክሳዕ 1800ታት ምዕባለ መራኽብ ገፊፍ ይብል ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ቅልጣፈኦን ኣብ ሰዓት 39 ኪሎ ሜተር ነይሩ። በዘን ናይ 1800 መራኽብ፡ ካብ ባጽዕ ናብ ዓሰብ ክትከይድ፡ ቀልጢፍካ ተባሂሉ (ኣብ ሰጥ ዝበለ መሰመር) 17 ሰዓታት ምወሰደ ነይሩ። ዝበዝሐ ሓደስቲ ዝፍጠር መሳለጥያታት ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝወዓለ እዩ። ነዚ ኣብ መጓዓዝያ ባሕሪ ዝተረኽበ ጥበብ፡ ቻይናውያን ቀዲሞም ኣብ ዓውደ-ውግእ ተጠቒሞሉ። ቻይናውያን ነዘን መራኽብ ኣብ ዓውደ-ውግእ ምስ ኣሳተፉወን፡ ምዕባለአን ክውንጨፍ ጀሚሩ። እቲ ብሓይሊ ሰብ ዝእለ ዝነበረ መጀለቢ፡ ናብ ሃፋ፣ ጸኒሑ ድማ ናብ ኤለክትሪክያዊ ሞተር ማዕቢሉ።

ቀዳሞት ሓካይም

ምስ ሓመምና ካብ ዝእዘዘልና ገለ መድሃኒታት፡ ካብ ልምዳዊ ኣፋውስ ዝተረኽበ እዩ። ንድሕሪት ተመሊስና ኣመዓባብላ መድሃኒት ክንርኢ እንተለና፡ ንኣሽሓት ዓመታት፡ ፍወሳ ሕክምና ምስ እምነታት ዝተተሓሓዘ ምንባሩ ክንርዳእ ንኽእል። ኣብ ቀደም ዘመን ዝነበሩ ሰባት፡ ዓሚቝ ኣፍልጦ ደኣ ኣይንበሮም እምበር፡ ኣብ ምሕካም ቍስልን ምጽጋን ዝተሰብረ ኣዕጽምትን ጽቡቕ ክእለት ኣጥርዮም ነበሩ። ርእሶም ንዝሓሙ ሰባት፡ ኣጋንንቲ ኣሎዎም ኢሎም ይኣምኑ ስለ ዝነበሩ፡ ኣብ ሸክናኦም ነኺል ንምኽፋት መብጣሕቲ የካይዱ ነበሩ። እዚ ነኺል ኑቶም ኣጋንንቲ መውጽኢ ምእንታን ክኸውን ተባሂሉ'ዩ።




ኣብ መንጎ እዞም ጥንታውያን ዶክተራት ዓቢ ስም ዝሓዙ ግብጻውያን ክኾኑ እንከለው፡ ኣብ 1500 ቅ.ል.ክ. ኣትሒዞም ብርክት ዝበለ ናይ ፍወሳን መብጣሕትን ሕክምናዊ ቃላት ኣተኣታትዮም።

ብ400 ቅ.ል.ክ. ግሪኻዊ ፈላጥ ሕክምና ሂፖክራጠስ፡ ኣብ "ኮስ" ዝተባህለት ደሴት እታ ሃገር፡ ናይ መጀመርታ ቤት ትምህርቲ ሕክምና መስረተ። ዝኾነ ሕማም ገለ ክፋል ኣካል ብግቡእ ምስ ዘይሰርሕ ዝኽሰት እምበር ብመናፍስቲ ዝመጽእ ከም ዘይኮነ ዝምህር ቤት ትምህርቲ ድማ ነበረ። ሂፖክራጠስን ሰዓብቱን ጠንቂ ሕማም፡ ብዘይ ሚዛናዊ ኣቃውማ ኣርባዕተ ንህይወት ኣገደስቲ ምዃኖም ዝእመነሎም ዝነበሩ ፈሰስቲ ምዃኑ ክገልጹ እንከለው፡ ብዛዕባ ኣቃውማ ኣካላት ሰብ ግን ዝኾነ ኣፍልጦ ኣይነበሮምን።

ተማ. ስኢት ሳምሶን

## ከመይ ኣቢሉ ይኸውን?

ምስ ሰለስተ ሕግታት ምንቅስቓስ ኒውቶን እናዛመድኩም መልሱዎ!




- ኣብ ልዕሊ ጨርቂ ዝተነጽፈ ጣውላ ቢያትታት፡ ድስትን ብኬርን ተቐሚጡ ኣሎ። ሓደ ጥበበኛ ነቲ ቢያትታት፡ ብኬርን ድስትን ከየንቀሳቐሰ (ከይረበሸ) ነቲ ጨርቂ ስሒቡ ኣልዩዎ። እቲ ቢኬራ፡ ቢያትን ድስትን ኣይተንቀሳቐሰን።

- ብልዑል ፍጥነት ትጓዓዝ ዝነበረት መኪና፡ ኣብ ሓደ ዓንኬል ክትጥወ እንከላ፡ ሓደ ካብቶም ተሳፈርታ ካብታ መኪና ነጢሩ - ብዘይ ተበግሶኡ - ወዲቑ።

- ሓንቲ ስእሊ ኣብ መንደቕ ተሰቒላ ኣላ። ከይተንቀሳቐሰት ከኣ ከምኣ ኢላ ኣላ።

- ሓደ መቐነት ዘይዓጠቐ ሰብ፡ ብመኪና ይጓዓዝ ነይሩ። እታ መኪና ሃንደበት ልጓም - ፍሬኖ - ምስ ሓዘት፡ እዚ ሰብ ብቕድሚ መኪና ነፊሩ ከይዱ።

- ኣብ መዋዕል ህጻነት ሓንቲ መምህር ንሓደ ህጻንን ንሓንቲ መሳርሕታ መምህርን ኣብ ሰለል ትደፍኦም ነበረት። ነቲ ህጻን ሰለል ምባል ከኣ ዝቐለለ ኰይኑ ረኺባቶ።

- ሓንቲ ናይ እግሪ ኩዕሶን ሓንቲ ናይ ቦውሊን ኩዕሶን ብሓደ ዓይነት ሓይሊ ተቐሊዐን። እታ ናይ እግሪ ኩዕሶ ዝያዳ ቅልጣፈ ነይሩዋ።

- ሓደ ተመሃራይ ኣብ ጣውላኡ ርሳስ ኣቐሚጡ ከይዱ። ካልእ ተመሃራይ ድሕሪኡ መጺኡ ክሳብ ዝወስዳ ኣብታ ዝነበረታ ጸንሐት።

- ክልተ ተመሃሮ ኩዕሶ መርበብ ይጻወቱ ነይሮም። እቲ ሓደ ነታ ኩዕሶ ኣትሪሩ ብምህራም፡ እቲ ሓደ ቅድሚ ምትንካፉ ኣብ መሬት ከም እትዓልብ ገበረ። እቲ ሓደ ከኣ ኣፍኩሱ ሃሪማ'ሞ፡ መጋጥምቱ ነታ ኩዕሱ ኣርኪቡ መለሳ።

- ሓደ ከልቢ ናብ ቀላይ ኣተወ። እቲ ከልቢ ብመሓውሩ ነቲ ማይ ናብ ድሕሪኡ እናደፈአ፡ በቲ ሓደ ጫፍ ናይቲ ቀላይ ወጽአ።

## ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: "George Washington not only chopped down his father's cherry tree, but also admitted it. Now, Louie, do you know why his father didn't punish him?"

Louie: "Because George still had the axe in his hand."


***

ሚሪ ማና

## ኣምራት ስነ-ፍልጠት

### ሕግታት ምንቅስቓስ ኒውቶን

"ዓለም ዝለወጠ ርኽበት"




ሳልሳይ ሕጊ ኒውቶን

ምንቅስቓስ ክግለጸሉ ዝኽእል ዝተፈላለየ መገዲ ኣሎ። ምንቅስቓስ ብሕንጻጻት፡ ስእሊ፡ ቍጽርን ቃላትን ክግለጽ ይኽእል። ንኹሉ ጠሚሩ ዘሰርሕ ሕግታትን ቀመራትን ድማ ኣሎዎ። ንምንቅስቓስ ክገልጽ ዝኽእል ሰለስተ ህቡብ ሕግታት ኣሎ። እዚ ኣብ 17 ክፍለ-ዘመን ብዝነበረ ስነ-ፍልጠተኛ - ኣይዛክ ኒውቶን - ዝቈመ፡ ነገራት ስለምንታይ ይንቀሳቐሱ ወይ ስለምንታይ ኣይንቀሳቐሱን ዝገልጽ ሰለስተ ሕግታት እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ፡ ነቲ ቀዳማይ ሕጊ ርኢና ነይርና። ቀዳማይ ሕጊ ኒውቶን፡ "ኣብ ዕረፍቲ ዘሎ ግዛዕ (object) ከም ዘለዎ ኣብ ዕረፍቲ ይጸንሕ፣ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከብ ግዛዕ ኣብ ሓደ ፍጥነትን ኣንፈትን ክንቀሳቐስ ይጸንሕ። እዚ ዝኾነ ሓይሊ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ዘይዋሳእ ይኸውን፡" ዝብል'ዩ።

ካልኣይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን፡ ሓደ ግዛዕ ክድፋእ ወይ ክሰሓብ እንከሎ ከመይ ኢሉ ፍጥነቱ ይቕይር ዝገልጽ ሕጊ እዩ። ብቕልል ዝበለ መገዲ ክንገልጾ እንከለና፤ ኣብ ሓደ ግዛዕ እነውዕሎ ሓይሊ፡ ነቲ ግዛዕ ፍጥነቱ ከም ዝቕይር ይገብሮ። ፍጥነቱ ክቕይር እንከሎ በቲ ናይቲ ዝደፍኦ ዘሎ ሓይሊ ኣንፈት ከም ዝጓዓዝ ምዃኑ ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ብዝርዝር ተገሊጹ ነይሩ።

ሳልሳይ ሕጊ ምንቅስቓስ ከኣ ኣብ ኣድማስ ምሉእ ዝርከብ ሓይሊ፡ ብማዕረን ኣንጻርን ኣንፈት ዘሎዎም ሓይሊ ዝተጻመደ ምዃኑ ይነግር። ንዝኾነ ንጥፈት "ኣክሽን" ማዕረኡ ተጻራሪ ግብረ-መልሲ ኣሎዎ። ሓደ ግዛዕ ኣብ ልዕሊ ካልእ ግዛዕ ሓይሉ ምስ ዘዋስእ፡ ካብቲ ካልኣይ ሓይሊ ማዕረ ዝጻረር ግብረ-መልሲ ይመጽእ። ንመንደቕ ክንደፍኦ እንከለና፡ ካብቲ መንደቕ ኣንጻርና ተመሳሳሊ ሓይሊ ይደፍኣና እዩ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ፍቕርን ሰላምን ዝብል ቃላት ዝተለምደን ዝበለየን ኰይኑ ይስምዓካ እንተ ሃልዩ፡ ጸገም'ዩ። ፍቕርን ሰላምን ዘልኣለማዊ'ዩ።"

- John Lennon

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ



ኣቶ ተኽለማርያም ዮሃንስ

# ጥዑይን ሓደገኛን ቃንጥሻ ብኸመይ ንፈልዮ?

**ሕቶ፥ ኣብ ሕብረተሰብና ቃንጥሻ ምምጋብ ዝውቱር ኣይኮነን። ንንበይኖም ዓሌታት ቃንጥሻ ከም ዘለዉ ኸኣ ይዝረብ'ዩ። ቃንጥሻ ይብላዕ ምዃኑ ይግለጽ'ዩ። ገለ ዘይብላዕ ቃንጥሻ ከም ዘሎ'ውን ሓበሬታ ኣሎኒ። ቃንጥሻ ከም መግቢ ምዝውታር ከመይ ይርእ? ዝብላዕን ዘይብላዕን ቃንጥሻ ኣሎ እንተኹይኑ፡ እቲ ዝብላዕን ዘይብላዕን ብኸመይ ንፈልዮ? መኣዛዊ ትሕዝቶኡኸ ከመይ እዩ ዝግምገም? ኣበይን ብኸመይንከ ክንረኽቦ ንኽእል?**

**መልሲ፦** ብቐዳምነት ነዚ ዝቐረበ ሕቶ መብርሂ ዝሃበና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ መፍረ ቃንጥሻ፡ ኣቶ ተኽለማርያም ዮሃንስ ነመስግኖ።

ሓቂ'ዩ፡ ሕብረተ-ሰብና ቃንጥሻ ናይ ምምጋብ ብዙሕ ልምዲ የብሉን። ኣብ ዓለም ንመዓላ መግቢ ዘገልግሉን ዘየገልግሉን ብዙሓት ዓሌታት ቃንጥሻ ኣለዉ። እቶም ንመግቢ ዘገልግሉ ዓሌታት፡ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎም'ዮም። ኵሎም ቃንጥሻ ይብልዑ ድዮም ኣይብልዑን ንዝብል ሕቶ ቅድሚ ምምላስና፡ ብዛዕባ ቃንጥሻ እንታይ ምዃኑ ሓጺር ሓበሬታ ክነካፍል። ቃንጥሻ ካብ ስድራ ዕሲ (Fungi) እዩ። ዕሲ ብግደኡ፡ መግቦም ሳፕሮፋይትስ (Saprophytes) ኣብ ዝበሃሉ ዝሞቱ ህይወታውያን (ኣትክልቲ) ዝምርኰሱ፣ ሲምባዮንትስ (Symbionts) ምስ ኣትክልቲ እናተሓጋገዙ ሓቢሮም ዝነብሩን ከምኡ ድማ፡ ጽግዕተኛ ካልኦት ህይወታውያን (Parasites) ተባሂሎም ኣብ ሰለስተ ክፍልታት ይምቀሉ።


ቃንጥሻ፡ ብዙሓት ካብ ዓሌታትን ዘርእን ፋንጋስ ሳፕሮፋይትስ ይሓቁፍ። መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ፡ ዓሌታት ቃንጥሻ፡ ብጠባይ፡ ክሊማ፡ ባህሪ፡ መልክዕ፡ ግዝፊ፡ ቅርጺ፡ ትሕዝቶ ወዘተ. ይፈላለዩ። ኣብ ዓለም ኣስታት 1.5 ሚሊዮን ፋንጋስ ምህላዎም ይግመት። እቶም 140 ሽሕ ዓሌት ቃንጥሻ ምዃኖም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ወሲኾም ይሕብሩ። ካብዚኣቶም ኣስታት 15 ሽሕ ዓሌታት ዝተለለዩ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም 60 ዓሌታት ከኣ ዝብልዑ ወይ ንመግቢ ዘገልግሉ እዮም። እቶም ንመግቢ ዘገልግሉ ዓሌታት ቃንጥሻ፡ ብመልክዕ ልምዓት ሕርሻ ተጠሚቶም ከም ዝፈርዩ ይግበር። ቃንጥሻ ብዘይካ ንመግቢ፡ ንብዙሕ ሕማማት ዝፍውሱ መድሃኒት ኣብ ምምስራሕ'ውን የገልግል። እቶም ንመዓላ መግቢ ዘየገልግሉ፡ ኣብ ሕክምናዊ መዳይ ልዑል ግደ ከም ዘሎዎም ይግለጽ።

ቃንጥሻ፡ ብዙሕ ጥቕሚ ዘሎዎን ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም ፍቱውን መግቢ ምዃኑ ርኢና። ንኹሎም መኣዛታት መግቢ (ብፕሮቲን፡ ካርቦሃይድሬት፡ ጸዓት፡ ቪታሚናት፡ ማዕድናት፡ ጽሕጊ፡ ኣገደስቲ ኣሚኖ ኣሲድ ወዘተ.) ዘጠቓልል ሃብታም ትሕዝቶ ከም ዘለዎ'ዩ ዝሕበር።

ኵሎም ቃንጥሻ ይብልዑ ድዮም? እትብል ሕቶ ግን፡ 'ኣይፋሉን' ዝብል'ዩ እቲ መልሲ። 60 ዓሌታት ዝብልዑ ምህላዎም ክብ ኢልና ጠቒስና። ካብ'ዚ ሓሊፉ ገለ ዓሌታት፡ መርዛማት ቀታሊ ባእታ ዘሎዎም ሓደገኛታት'ዮም። ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ዓሌታትን ዓይነታትን ቃንጥሻ ምምጋብ ንሞት ምቕላዕ ስለ ዝኾነ ዘይምትንካፎም።

ኣብ ሃገርና ብዛዕባ ቃንጥሻ ዛጊት ዝተገብረ ጽዑይ መጽናዕቲ'ኳ እንተ ዘየሎ፡ ሕብረተ-ሰብና ብልምዲ፡ ዓይኒ ላም፡ ኣጉለ ወዘተ. እናበለ ዝጠቕሶም ኣብ ወቕቲ ቀውዒ ከም ሓምሊ መሮር ንመግቢ ዝጥቀመሎም ዓሌታት ቃንጥሻ ግን ኣለዉ። ብኻልእ ገጽ ብዓይኒ ስነ-ፍልጠት፡ 'ኣማኒታ'፡ ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ ሕብረተ-ሰብና ድማ፡ 'ቃንጥሻ- ዓሶ' ብዝብል ዝፍለጡ ከም ኣብነት ምስ እንምልከት፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝረኣዩ ገለ ካብ መርዛማት ዓሌታት እዮም። መርዛማት ቃንጥሻ ፈሊና ክነለልዮም ኣዝዮም ኣሸገርቲ ስለ ዝኾኑ ግን፡ 'ተረኺበ' ኢልና ዝረኸብናዮ ቃንጥሻ ክንበልዕ ወይ ክንምገብ ኣይግባእን። ኣብ ክንዳኡ፡ ብፍሉይ ንዝቤታዊ መዓላ ተባሂሎም ዝፈረዩ ውሕስነቶም ዝተረጋገጸ ቃንጥሻ ክንጥቀም ኢና ንመክር። ብውሑስ ኣገባብ ቃንጥሻ ዘፍርያ ኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ስለ ዘለዋ ድማ ካብኣን ምዕዳግ ወይ ንዕኣን ምውካስ ይከኣል'ዩ።

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ቍ.5 ጥሪ 2025




መኣዛ ፍረ ጻዕሪ ምስ ኣስመረት ዳምር

## ቀጠልያ ባናና
## ምስ መረቕ ስጋን ኣሕምልትን

**ዝተጠቐምናሎም ጥረ ንጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- 2 ኪሎ ግራም ቀጠልያ ባናና
- ርብዒ ኪሎ ወይ 250 ግራም ስጋ
- 200 ግራም ፋጆሊ
- 150 ግራም ወይ 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ካሮት
- 150 ግራም ወይ 1 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ዝኩኒ
- 150 ግራም ወይ 1 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ሽጉርቲ
- 150 ግራም ወይ 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ኮመደረ
- 3 ማንካ ሻሂ ዘይቲ
- 1 ማንካ ሻሂ ፐርሰሜሎ
- 1 ማንካ ሻሂ ጻዕዳ ሽጉርቲ
- 1 ማንካ ጸሊም በርበረ
- 1 ማንካ ሻሂ ካሙን
- 1 ማንካ ሻሂ ቃርፋ



**ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ**

መጀመርታ ባናና ምስ ቅራፉ ኣብ ድስቲ ጌርና፡ ብማይ ክበስል ኣብ ሓዊ ንስኽትቶ። ባናና እንበስለ ኸሎ፡ መረቕ ስጋን ኣሕምልትን ንምድላው፡ ነቲ መቲርና ዘዳለናዮ ሽጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ካሮት፡ ዝኩኒ፡ ስጋ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ብሓንሳብ ሓዋዊስና ብቑሩብ ማይ ነብስሎ። በሲሉ ምስ በልናዮ ዘይቲ፡ ካሙን፡ በርበረ ጸሊም፡ ጨዉን ማይን ኣእቲና፣ ቃርፋ ዝኣተዎ ማይ ኣፍሊሕና ብምጽናሕ ምስኡ እናሓወስና ክሳዕ ዝወሃሃድ ነብስሎ። ምስ በሰለልና ነውርዶ። ብድሕር'ዚ ዝበሰለ ባናና ብዉዕዩቅራፉ ቀሊጥና፡ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ መትሓዚ ጌርና፡ ብኢድና ወይ ብጠሓኒት ማሽን ንጥሕኖ። ዝተጣሕነ ባናና በብዓቐኑ ናብ ብያቲ ከፊልና፣ ካብቲ ዘዳለናዮ መረቕ ብላዕሊ ነፍስሰሉ። ኣብ መወዳእታ ፐርሰሜሎ ንመመላኽዒ ብላዕሊ ድሕሪ ምንስናስ ንመግቢ ድሉው ይኸውን።





**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሬፓርታዥ

# “ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት!”

## ሃገራዊ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ብዓወት ተዛዚሙ

## 21-22 መጋቢት 2025





ፍረህይወት ዳኒኤል

“ኣብ ከባቢየይ ብሓደጋታት ይኹን ብዕቤት ዕድመ ኣካላቶም ከም ድላዮም ክእዝዙ ዓቕሚ ዘይብሎም ስንኩላን ክዕዘብ ከለኹ፡ ‘ኣነ እንታይ ክሕግዞም ይኽእል?’ እየ ዝብል። እቶም ዝእለዩ ስንኩላን ክስከፉ፡ እቶም ዘኣልዩ’ውን እንተኾነ ክደኽሙ እርኢ። ኣብዚ ብምብጋስ ድማ’የ ነዛ ‘ምዕብልቲ ናይ ስንኩላን ዓረብያ’ ምሂዘያ። እዚኣ መሳርሒት ብዘይ ጸገም ንኹሎም ዝተሸገሩ ስንኩላን ዜጋታትና ከተገልግል ትኽእል እያ። ደጊም ኣብ ኣለይቲ ስንኩላን ዝወርድ ዝነበረ ብርቱዕ ድካም’ውን ኣይክህሉን እዩ። ኣብ መጻኢ እዚ ናይ ምህዞን ሰንዓን መደብ እንተ ደኣ ውሑስ ኮይኑ፡ ካልእ ዓቢ ምህዞ ሒዘ ክመጽእ እየ፡” ዝበለና ናይ ስንኩላን ዓረብያ ምሂዙ ዝወዳደር ዝነበረ ተመሃራይ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሞዴል ህያብ ስምረት እዩ።

ሳራ መሓመድ ሰዒድ’ውን ‘agro solution’ ብዝብል ኣርእስቲ ሰለስተ ዓበይቲ ምህዞታት ዘቕረበት ተወዳዳሪት እያ። ሳራ ተመሃሪት ዓስራይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዲያእ ኣስመራ እያ። “ዘበዝሐ ህዝብና ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዝተመርኮሰ ቁጠባዊ መንብሮ እዩ ዘለዎ። ሃገርና ክትምዕብልን ክትለምዕን እንተ ደኣ ኮይና ንሓረስታይ ኣተኩሮ ዝገበረ ስርሓት ክነፍሪ ኣለና እየ ዝብል። መንእሰያት ድማ ናይዚ ሓላፍነት ብምስካም ክንሰርሕ ኣለና። ኣነ ብውልቀይ እዘን ሰለስተ ዕዮታት ኣበጊሰ ኣለኹ። ዕድመን ጥዕናን ምስ ቁጠባዊ ክእለት እንተ ደኣ ረኺቡ፡ ናብ ዝዓበየ ፕሮጀክት ሰጊረ ንሕብረተሰበይ ዝጠቅም ምህዞታት ኩዳሉ እየ፡” ብምባል ትውንኖ ዓቢ ሕልሚ ኣካፊላትና።

ነፍሲወከፍ ዕዮ ምህዞን ሰንዓን ምስ ተዓዘብካ፡ ሓደ ሓሳብ እዩ ንኣእምሮኻ ዝብሕት። ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት ንዝብል ቴማ እዚ መደብ ዘንጸባርቕ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቱ ንዝህልዎ ጸገማት ብምቕላል ናብ ጕደና ምዕባለ ዝመርሕ ተበግሶ መንእሰያት።

መሃዝነትን ተበላሓትነትን ሓደ ካብ መለለዩ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኮይኑ ምህዞን ሰንዓን ናብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ብዝለዓለ ዝሰርሓሉ ዝነበረ እዩ። ሃማመተኤ ድማ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ምህዞን ሰንዓን ንኸዕምብብ ብዙሕ ንጥፈታት ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ በበይኑ ክሊ ዕድመ ንዘለዉ ዘሳትፍ፡ ንዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ውድድራት ክሰርዕ፡ ምርኢት ኤግዝቪሽን ክውድብ፡ ብሉጻት ስርሓት ብምልላይ ክሸልም፡ ከተባብዕ፡ ኣፍልጦ ክህብ፡ ብርክት ዝበለ ሓገዛት ከበርክትን ከለቅሕን ጸኒሑ እዩ። “ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 21 ክሳብ 22 መጋቢት ኣብ ሃገራዊ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት (ጁንየር ክለብ ነበር) ክካየድ ዝቐነየ ምርኢት ውድድርን ምህዞን ሰንዓን፣ ሚኒስተራት፡ ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፡ ሓለፍቲ ማሕበራት፡ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ምህዞታቶም ዘቕረቡ ተወዳደርትን ኣብ ዝተረክቡሉ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ተዛዚሙ።

ብዝኸረ ሰማእታት ዝፈለመ መዛዘሚ ጽንብል 2ይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን፡ ኣብ በበይኑ ደረጃታት ምህዞታቶም ዘቕረቡ ተወዳደርቲ ናይ ወረቐት ተሳታፍነት ተዓዲሎም። እቶም ብዝቐረብዎ ስራሕ ተወዳዲሮም ብሉጽ ነጥቢ ከመዝግቡ ዝኸኣሉ ዕዉትታ ተወዳደርቲ ድማ ካብ ኢድ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣረፋይነ በርሀ፡ ወኪል ሚኒስተር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መም. በላይ ሃብተጋብር ከምኡ’ውን ካብ ሓላፊት ክፍሊ ምክትታል ዞባታት ሃማመተኤ ሄለን ኣሚን፡ ዝተዳለወ ናይ ገንዘብን ምስክር ወረቐትን ሽልማት ተቐቢሎም።

ንኹሉ ዕዱም ናይቲ ክካየድ ዝቐነየ መደብ ጸብጻብ ስራሕ ዘሰመዐት ሓላፊት ክፍሊ ምክትታል ዞባታት ሃማመተኤ ሄለን ኣሚን እያ። “ንኹሎም ተመረቕቲ እንቋዕ ሓጐሰኩም። ነዚ መደብ ዕዉት ኣብ ምግባሩ ዝተሳተፍኩም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብስም ማሕበር ልዑል ምስጋና ይብጻሕኩም። ኣብ ምህዞ፡ ውልቃዊ ተበግሶን ድርኺትን ወሳኒ ረቛሒ ምኳኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ናይ መሳለጥያን ገንዘብን ደገፍ፡ ብዓቢኡ ከኣ ውዳበን ጥርናፈን ኣብ ምምዕባል መሃዝነት ዘለዎ ግደ’ውን ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ብዘይ ደገፍን ውዳበን ኣድማዒ ውጽኢትን ረብሓን ዝርከቦ ፍርያት ንምምሃዝ ዝከኣል ኣይኮነን። ካብዚ ድርኪት ብምብጋስ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ተገዳስነት ንዘለዎም መንእሰያት ኣተባባዕን ምቹእ ሃዋህው ኣብ ምፍጣር ማሕበር ኣበርቲዑ ክሰርሕ ምኳኑ የረጋግጽ። ምኽንያቱ እቲ ዝበረኸ ልምዓት ብመሃዝነት ጥራይ ስለ ዝረጋገጽ። ሰማእታትና ብመሃዝነትና ይደበሱ፡” ብምባል ሓጺር ጸብጻብ ዛዚማቶ።

ደረኽቲ ቁጠባ ምዕባለ ሕብረተሰብ ተባሂሎም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ረቛሒታት ብዙሓት’ኳ እንተኾኑ፡ ርእሲ ኩሎም ግን ሰባዊ ጸጋ’ዩ እዩ። ኣብዚ መዳይ ሕልፊ ኩሉ ዝያዳ ኣተኩሮን ግምትን ዝወሃቦ ተራን ኣበርክቶን መንእሰይ እዩ።



መንእሰይ፡ ዘይተዛዘመ ግን ከኣ ኣብ መስርሕ ህንጸት ዝርከብ ሓይሊ እዩ። ሓያል ጸዓትን ብልሕን፡ ሓያል ናይ ምምሃዝ ድልየትን ጥሙሕን መንእሰይ፣ ብትምህርቲ፡ ፍልጠት፡ ተበግሶን ክብርታትን ምስ ዝሰነ፡ ኣብ ረብሕኡን ረብሓ ሕብረትሰብን ክውዕል ዝያዳ ዕድልን ተኽእሎን ኣለዎ። ሃማመተኤ፡ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ምህዞን ሰንዓን ንኽምዕብል ብርኽት ዝበሉ ንጥፈታት ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን።

እዞም መደባት ኣብ ምትብባዕ ፈጠራውነትን ኣበርክቶን መንእሰያት ልዑል እጃም ከም ዝጸንሑም ርጉጽ እዩ። ይኹን’ምበር ኣብ ምዕኳኽ ፈጠራዊ ሓሳባትን ዝደሊ ፋይናንሳውን ምያውን ድጋፍ ብምውዳድ፡ ናብ ተጨባጢ ስራሕ ኣብ ባይታ ብምቕያር፡ ቀጥታዊ ኣበርክተኦም ኣብ ልምዓታዊ መደባት ሃገር ኣብ ምዕዛዝ ግን ሕጽረታት ጸኒሑ እዩ። ሃማመተኤ ነዚ ሕጽረት’ዚ ብምርዳእ ምስ ዝምልከተን ሚኒስትሪታት፡ ኣፍረይትን ናይ ሞያ ትካላትን ብምውህሃድ ከካይዶ ዝጸንሐ መደባት ብደቂቕ ብምግምጋም፡ ኣገባቡ ብምምሕያሽን ፍረ ብዝርከቦ መንገድን ዳግማይ ንምብርባሩ ተበግሶ ወሲዱ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ነዚ ክውን ንምግባር ሃገራዊ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ኣብጊሱ ኣሎ። ብመንገዲ’ዚ ማእከል፡ ውህሉል ተመኩሮ ኣብ መሃዝትን ሰናዕትን መንእሰያት፡ ደራኺ እጃም ክህልዎ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ብምኽጻል ኣቦ መንበር ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ሚኒስተር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ብዘስምዑዎ መዛዘሚ ቃል መደብ ተዛዚሙ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት 2ይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ብድምር 106 ስርሓት ምህዞን ሰንዓን’ዩ ቀሪቡ። ካብዚኣቶም እቶም 58 ፕሮጀክትታት ብቑልዑ ዝቐረቡ እዮም። ኣብዚ ብድምር 64 ካብ ዞባ ማእከል፡ 15 ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ 9 ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ 8 ካብ ዞባ ዓንሰባ፡ 8 ካብ ዞባ ደቡብ፡ 2 ተወዳደርቲ ድማ ካብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብጉጅለን ብውልኻን ምህዞታቶም ኣቕሪቦም። ዞባ ማእከል ናይ ዞባ ውድድር ኣቐዲማ ብዘይ ምኻያዳ፡ ኩሎም ተወዳደርቲ ስርሓቶም ከቕርቡ፡ እቶም ዝተዓወቱ ድማ ናብ 2ይ ሃገራዊ ውድድር ምህዞን ሰንዓንን ከም ዝወዳደሩ እዩ ተገይሩ። ዞባ ደቡብ’ውን ብተመሳሳሊ።

እዚ ዝቐረበ ስርሓት ምህዞን ሰንዓን ዝዳህሰሰም ኩርናዓት፡ እቲ 53 ኤለክትሪካዊ ምህንድስና፡ 18 ቀመማዊ ምህንድስና፡ 27 መካኒካዊ ምህንድስና፡ 7 ኮምፕዩተራዊ ምህንድስና፡ 1 ስራሕ ድማ ኣብ ዓውዲ ሲቪላዊ ምህንድስና ዝምደብ ፕሮጀክትታት’ዩ ንምርኢትን ውድድርን ቀሪቡ።

ኣብዚ ብምውህሃድ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ከምኡ’ውን ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተኻየደ 2ይ ሃገራዊ ውድድርን ምርኢትን ምህዞን ሰንዓን፡ ናይ ምዝዛም መደብ ን10 ፕሮጀክትታት ገንዘባዊ ሽልማትን ወረቐት ምስክርነትን ክዕደል ከሎ፡ ንኽልተ ቀዳሞት ኮይነን ዝተዓወታ ፕሮጀክትታት ድማ ናይ 50 ሽሕ ወለድ ነጻ ልቓሕ ድጋፍ ክረኽባ ኪኢለን ኣለዋ።

ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት (ጁንየር ክለብ ነበር) ውጽኢቱን ኣድማዕነቱን ኣብ ቀጻልነቱ ዝምርኮስ ብምኳኑ ኣብ ኩለን ዞባታት ዝካየድ ንጥፈታት ምህዞን ሰንዓን ብኣወዳድብኡን ንጥፈታቱን እናተገምገመ ንዝበረኸ ገስጋስ ናህሩ ክዛይድ ለበዋ ዘየድልዮ መዘኻኸሪ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣርሴማ ስመረ ሃይሉ፡ ኣቦይ ስመረ ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ወላዲትና ወ/ሮ ግደይ ናይ መጸምዲ ማሰለ ይተሓለወሉ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

መሓሪ ተስፋሚካኤል ኣማኑኤል፡ ኣቡሓና ኣማኑኤል ማሰመር ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓንቲ ሓፍተይ ንኣቦና ተስፋሚካኤል ኣማኑኤል ማሰመር ተክእና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ት ሰምረት ስመረኣብ ገብርሂወት ምባል ተረፉ፣ ሚካል ስመረኣብ ገብርሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ርግኣት ተ/ገብርኤል፡ ተኸሳሲ ተስፋሂወት ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኢያብ ገብረእግዚኣብሄር ገብርሂወት፡ ሓትናና ልኡል መንገሻ ወልዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ደቂ ሓትናናን ደቂ ኣኖናን ናይ 6 መወትቲ ተተኻእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ተስፋሚካኤል ዕቑባሚካኤል በራኺ፡ ኣደይ ተብርህ ጸጋይ ፈተለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣማኑኤል ሞሳዘጊ ተክኤ ምባል ተረፉ፣ ሃብተማርያም ሞሳዘጊ ተክኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲ ኣቶ ዕቑባማርያም ገብረኪዳን፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰላም ኣሚኑ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ወ/ሮ ደምቃ ባርያሚካኤል በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ኣስመሮም ተመልሶ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 8 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መሓመድ ኣማን ኢብራሂም ምባል ተረፉ፣ መሓመድ ኢብራሂም ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ኣለም ገብረማርያም፡ ኣሞይ ብስራት ገብረማርያም ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዕምባበ ጸጋይ ከርሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤፍሬም መንግስትኣብ ጹሓይመረብ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

1.መሓመድ ሽፋ ኢብራሂም 2.ዐሶማን ሽፋ ኢብራሂም 3.ሰዒድ ሽፋ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፣ 1.መሓመድ ማሕሙድሽፋ ኢብራሂም 2.ዐሶማን ማሕሙድሽፋ ኢብራሂም 3.ሰዒድ ማሕሙድሽፋ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን 10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልማን ሽፋ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፣ ሰሉሓዲን ማሕሙድሽፋ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃብቲ ኢሳቅ ምባል ተረፉ፣ ሃብቶም ኢሳቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ተስፋጋብር ገብረሚካኤል በራኺ፡ ኣደይ ለተብርሃን ሓጎስ ገብረኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ቅሳነት ከስተ ይኹናም ምባል ተረፉ፣ የውሃና ከስተ ይኹናም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ለተኣብ ከበደም፡ ወደይ የዕበዮ መሻ ገብረ ኪዳ ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተስፋማርያም ወልዱ ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፣ ቢንያም ወልዱ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተብርሃን መንግስቱ ትካቦ፡ ኣቦይ መንግስቱ ትካቦ ገብረሚካኤልን ኣደይ ደሃብ ወልደሚካኤል ዑቕባዝጊን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ደቆምን 6 ተተኻእትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይቱ ዳዊት ዘወልደማርያም፡ ብዓል ቤተይ ገብርህወት ኣብርሃ ጎሎም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙቐት ሰዩም ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፣ ሄለን ሰዩም ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ኣማን ግርማይ ሙብራሀቶም ምባል ተረፉ፣ ፍናን ግርማይ ሙብራሀቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍትሓዊ ግርማይ ሙብራሀቶም ምባል ተረፉ፣ ያፌት ግርማይ ሙብራሀቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ግርማይ ሓጎስ ምባል ተረፉ፣ ትርሓስ ሓጎስበርህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ በለጹት ሓጎስ ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፣ ንግስቲ ሓጎስ ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ልቹ ገብርየውሃንስ ገዛኢ፡ ስወእ ብዓል ቤተይ ግርማይ ገብረእየሱስ ገብረስላሴ ምባል ተረፉ፣ ግርማይ ሰለሙን በርህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣቡዲት ኪዳኑ፡ ወደይ ዕበ እምባየ ገብረትንሳኤ ስለዝተሰውኣ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለ ዘይብሉ፡ ኣቡኡ እምባየ ገብረትንሳኤ መዋቲ ስለ ዝኾነ፡ ኣነ ኣዲኡ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣመልከቲ ብርሃ ተወልደመድህን ጊላሚካኤል+4 ኣብ ን/ዞባ ጎዳይፍ ምምሕዳር ከበቢ ማይ ዓይኒ ዚፕ ኮድ 1A714 ፕሎት GGDF ፓርሰል 23 ኣብ ፓብሊክ ኖታሪ ንብረት ቁ/መዝገብ 7126/21 ዕለት 14/10/2021 ስፍሓቱ 240.00 ት/ሜ ሽዱሽተ ክፍልታትን ሽዱሽተ ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዝሓዘ ብስምና ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ናብ ስም ተቐባሊት ወህቡቶ ሓብትና ኣልማዝ ተወልደመድህን ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና ዘቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ተቓወሞ እንተዘየለ ግና ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪብ ጉዳዩ ክፈጸም ምዃኑ ኢሕብር።

ብርሃ ተወልደመድህን ጊላሚካኤል+4

---

ብስም ነ/ር ዓሊ ሓምድ ሓምደ ኣብ ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 134-1ዚፕ-1A168 ፕሎት 10 ፓርሰል Q ቁጽሪ 3/5 ስፍሓት 90 ት/ሜ ብምስክር ወረቐት 100076 መወከሲ ቁ.106199 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሲ ናብ ስምና ክንምሕላለፍ ስለ ዝደለና ዘቃወም እንተሎ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘፈቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ወኪል ፈሩዝ ኣሕመድ

---

## ምልክታ

ፍትሒ ምክፍፋል ኣልኮላዊ መስተታት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር በዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይምስረት ኣሎ።

1 ኣባላት ማሕበር፣-

| ተ/ቁ | ሙሉእ ስም | ዜግነት | ኣድራሻ | ብዝሒ ብርኪ | ዋጋ ብርኪ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ባሲሎስ ፍሊጾስ ጸጋይ | ኤርትራዊ | ባረንቱ | 25 | 250,000.00 |
| 2. | ኣድያም ዘርኦም ብርሃነ | ኤርትራዊት | ባረንቱ | 25 | 250,000.00 |
| 3. | ሳሙኤል ባሲሎስ ፍሊጾስ | ኤርትራዊ | ባረንቱ | 20 | 200,000.00 |
| 4. | ፍናን ባሲሎስ ፍሊጾስ | ኤርትራዊ | ባረንቱ | 20 | 200,000.00 |
| 5. | ጴጥሮስ ባሲሎስ ፍሊጾስ | ኤርትራዊ | ባረንቱ | 20 | 200,000.00 |
| 6. | ሩፋኤል ባሲሎስ ፍሊጾስ | ኤርትራዊ | ባረንቱ | 20 | 200,000.00 |
| 7. | ሙሳኤል ባሲሎስ ፍሊጾስ | ኤርትራዊ | ባረንቱ | 20 | 200,000.00 |
| | ድምር | | | 150 | 1,500,000.00 |

2. ኣድራሻ ማሕበር

ፍትሒ ምክፍፋል ኣልኮላዊ መስተታት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ ኮይኑ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ውጻእን ጨናፍር ቤት ጽሕፈት ክኸፍት ይኽእል።

3. ርዕሰ ማል ማሕበር

ርዕሰ ማል ማሕበር ናቕፋ ሓደ ሚልየን ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ (1,500,000.00)ናቕፋ ይበጽሕ።እዚ ርዕሰ ማል ብምሉኡ ብጥረ ገንዘብ ዝተዋጽአን ዝተኸፍለን ኮይኑ ኣብ 150 ብርክታት ተኸፊሉ ብስም ኣባላት ማሕበር ብዋጋ 10,000.00 ናቕፋ ንነፍሲ ወከፍ ብርኪ ተመዝጊቡ ኣሎ።

4. ዕላማታት ማሕበር

ሀ መከፋፈሊ ኣልኮላዊ መስተታት

ለ ሓፈሻዊ ንግዲ ኣልኮላዊ መስተታት ብጃምላ ብንጽልን ምሻጥ ናይ ኣልኪላዊ መስተታት ኮምሽን ናይ ንግዲ ወኪል ምዃን

ሐ ኣልኮላዊ መስተ ናይ ወጻኢ ምልኣክን ካብ ወጻኢ ሃገር ምእታውን

መ ካልእ ምስዚ ንጥፈታት እዚ ትካል ዝዛመድ ስርሐት ምክያድን።

5. ኣቶ ባሲሎስ ፍሊጾስ ጸጋይ ኣካያዲ ስራሕ ኮይኑ ንዘይተወሰነ ግዜ ከገልግል ተመሪጹ ኣሎ።

6 ፍትሒ ምክፍፋል ኣልኮላዊ መስተታት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበርክሳብ ዘይተወሰነ ግዜ ተመስሪቱ ኣሎ።

ፍትሒ ምክፍፋል ኣልኮላዊ መስተታት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲ ኣቶ መሰዑድ ዓብደላ ሳልሕን ተኸሳሲ ኣቶ ኢብራሂም ዓሊ ጣህርን ዘሎ ናይ ልቓሕ ክርክር፥ ተኸሳሲ ኣቶ ኢብራሂም ዓሊ ጣህር ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ቁ.41 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ሰማይሽ ኣብርሃ ጸዕዳ፡ ብዋል ቤተይ ጴጥሮስ ንገሰ ሰቋር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰምሃር ደበሳይ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ብዋል ቤተይ ጠዓመ ፍስሓ ግርመ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋበኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ዳናይት ደስበለ ኣብርሃ ስም ኣደይ ፍታው ጉብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ትፍቶ የሃንስ ጉብረሊባኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ተጸዋዒ ኣቶ ቢንያም ቃለኣብ ክብረኣብ፡ ወ/ሮ ትርሓስ ሽመንዲ ሰዩም፡ ናይ ሞዝቲትት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

የኣስ ሃብቱ ሃንስ ምባል ተሪፉ፡ የናስ ሃብቱ ሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ድሊት ልበሰቃል ፍስሃጽዮን ምባል ተሪፉ፡ ራሄል ልበሰቃል ፍስሃጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

የሴፍ ዕቑባስላሴ ደበሳይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣስቴር ተስፋይ ደስታ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋበኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣደሮሰም ጊላሚካኤል ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ኣደሮሰም ሚካኤል ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ፍቕረየሱስ ማቴዎስ ኣምለሶም ምባል ተሪፉ፡ ማታን ማቴዎስ ኣምለሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ራሕማ መሓመድጥዐም ደሃር ምባል ተሪፉ፡ ራሕማ መሓመድጥዐም ጀሃር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ኮኾብ ናይዝጊ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ኮኾብ ናይዝጊ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዛይድ ረድኢ፡ ኣቦይ ረድኢ ተኽለ ጊላዝጊን ኣደይ ኣዘገሽ ተስፋማርያም ወልደመንቀርያስን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ጸገሬዳ ተኽለ፡ ብዋል ቤተይ ሜጀር ብጹእኣምላኽ ባርያጋብር ጉብራይ ስለዝዘሰወ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ሳራ ተኽለ የውሃንስ፡ ኣደይ ደሃብ ኣርኣያ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳ በየኑ፡ ብዋል ቤተይ ሰምኦን ተስፋይ መተካን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብርሃና ጉብረመድህን ምሕረትኣብ፡ ጓለይ ለተንስኤ ኣሰፋው በኺት ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

መኣዛ መርሃጽዮን ገ/መድህን፡ ኣደይ ኣልጋሽ ጉብረእየሱስ ገረንስኣ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፋና ሰምኦን ሰለሙን፡ ብዋል ቤተይ ማሰፍን ሃይለ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ሳባ እስጢፋኖስ ቀላቲ ምባል ተሪፉ፡ ሳቨና ላውራ ሙንዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ቤትኤል እስጢፋኖስ መድሃኔ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቴድሮስ ፍስሃዬ፡ ሓጎስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ውዳሴ ኢሳቅ ኣፍላይ፡ ብዋል ቤተይ መሓሪ ኣማኑኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ሱናኤል ዓወት ሙብራህቱ ምባል ተሪፉ፡ ኣክራም ዓወት ሙብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ወደብ ኪዳ ኣንስቲኖ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምስየና በላይ ኣብዬ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ትሕቲ ዕድመ ብወሉዳ ኣቶ ቢንያም ክፍላይ ወ/ሮ ማሰል ወልደማርያም ተኸለኣልፋ ኣቢሉ፡ ስመይ ሳሊና ቢንያም ክፍላይ ምባል ተሪፉ፡ ሰሊና ቢንያም ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰምሰም ተስፋጊርግሽ ጉብረየውሃንስ፡ ብዋል ቤተይ መንግስትኣብ ሃብተ ሰቋር ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትሕቲ ዕድመ ብወሉዳ ኣቶ ሙሉጌታ ወልዱ ጉብረን ወ/ሮ መርሃዊት ኣማኑኤል ተኸለን፡ ስመይ የሊያና ሙልጌታ ወልዱ ምባል ተሪፉ፡ ሊልያ ሙሉጌታ ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ንጽህቲ ዑቕበ ኪዳ፡ ብዋል ቤተይ ሚካኤለ ብርሃ ፍስሓጼን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሂዋን ሰለሙን፡ ብዋል ቤተይ ኪዳ ሰዩም ባይረ ስለዝዘሰወ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 06 ጎደና 364/367፡ ዚፕ ኮድ 6K-1386፡ ፕሎት/ብሎክ 153፡ ፓርሰል pop153፡ ስፍሓቱ፡ 498.20 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም 1.ኣማን እድሪስ ኣማን ፡2ኣመና ፈረጅ መሓመድኑር ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝጸሓፈ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም ምስ ዘይህሉ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ዓብደላ ኣማን እድሪስ

## ምስጋና



ብምማዋእቲ ብልቢ እንፈትዎ ክቡር ብዓል ቤተይ ሌ/ኮ ብርሃ ነጋሲ ኣስገዶም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ወሽጥን ደገን ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ዝሓገዝኩምናን መሳርሕቱን ቤተሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣይዳ ኣስራት ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና



ብድንገታዊ ሞት ብልቢ እነፍቅራ ጓልና ወ/ት ሳባ ዘርኣይ ስብሓት (ጓል ዘርኣይ ቀጠና) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ሃገረ ፈረንሳ ሬሳ ኣብ ምፍናውን ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ሬሳ ኣብ ምቕባልን ዘሰኸኩምና፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ወሉዱ ኣቦል መንግስቲ ምድሪ ተሰነይ
ኣቶ ዘርኣይ ስብሓት
ምስ በ/ቤተይ ዓይናም ብርሃን
ኣሕዋታን ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዋ ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ኣበባ ንጉሰ ጉብረ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ጸጸርጋ ብምፍናድ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ዝደወልኩምን ዘጸናናዕኩምናን ካህናት ኣርባዕተ ኣስመራን ጸጸርጋን እናኣመስገንናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልናን ሓዘንና ከም ዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

ወ/ሮ ሰናይቲ ዓንደሃዋርያት ሰበሁቱ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ስፉይ ክዳንን መመላኽዕን ምክራይ ቢሎን ንግዳዊ ትካለን "ሮራ ቡቲክ" (RORA BOUTIQUE) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ፍለጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

## ምልክታ ጨረታ

ማ/ህ/ተክሌክ ዓመታዊ ውዕል ሰርቪስን ጽገናን ፎቶ ኮፒ፡ ፕሪንተራትን ኮምፒዩተራትን ዝጸግኑ ክኢላታት ከውዳደር ስለ ዝደለየ፣ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡ ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፡

1. ተጫረትቲ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዓይነታት ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሲራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
3. ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ገንዘብ ናቕፋ 50.00 ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽ/ማ/ህ/ኣ/ ተክሌክ (ራዳር) ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
4. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ደማ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት፡፡
6. ጨረታ፡ ብመምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
7. ማ/ህ/ተክሌክ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ምም/ማ/ህ/ኣገ ተክሌክ

# ቆልዑ

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ ዘይተማህረ ኣገልጋሊ

## ጽውጽዋይ

### ሳልሳይ ክፋል



“ኣሰይ! ጽብቕቲ ዓዲ እያ፣ ሓቂ ዘረባ ግን ዓድና ትጽብቕ። እሞ ሕጂ ናብዛ ዓዲ በጺሐ እየ። ነዛ ፍረ ዝሓዘት ዘንቢል ከረክብ'የ። እሞ ሓንቲ'ዶ ውሰኽ ኩብል!? ሰሲዐዶ ሓቀይ? ግን ከኣ ‘ሰልሶንዶ ሰልሶ ድኣ ይብሉ'ኻ' እንድዩ ዝበሃል እሞ ዘይስልሶ ደኣ። ሓደ ኣፊቱ ሳልሰይቲ ዘይውሰኽ...፣” ደው ኢሉ ሓሰበ፡ ንኑብሱ ከኣ ሰሓቓ።

ካብታ ዘንቢል፡ ሓንቲ ዓባይ ፍረ ኣልዒሉ ክበልዕ ወሰነ።

“እዚኣ ናይ መወዳእታ እያ። እዚ ኾሉ ተሰኪመ ድኣ እንታይ'ዩ ጻማይ? ልዕሊ ኾሉ ከኣ ከም ዝበላዕኩ ኣይክፈልጡንን እዮም። ስለዚ፡ ሳልሰይቲ በሊዐ ልኡኽይ ኩብጽሕ ይሓይሽ፡” ድሮ ነታ ዘልዓላ ፍረ ሃርጎምጒም እናበለ ክበልዓ ጀመረ። በሊዑ ምስ ወድአ ከም ዝበልዐ ንኸይፍለጥ ኣፋ ሓቢሱ ናብታ ዓዲ ሰጐመ። ቀልጥፍ ቀልጥፍ ኢሉ ድማ ናብታ ዓዲ፣ ድሕሪ ምብጻሕ ዝተላእኮ ገዛ ሓቲቱ ቀልጢፉ ረኸቦ። ምስ ኣያ ኾሉ ድማ ተራኸበ።

ህበይ ኣበሰሮም፣ “ክቡር ኣያ ኾሉ፡ ነዘን ፍረ ኩብጽሐን ካብ ክቡር ጐይታይ ተላኢኸ መጺአ ኣለኹ፡” ብምባል ኣብ ቅድሚኡ ቀይሙ ኢድ ነስአ።

“እንቋዕ ድሓን መጻእካ! መግብን ማይን ተቐሪቡልካ ኣሎ። ሕጂ ኣዕርፍ መሬት ጠለስ ምስ በለ ናብ ዓድኻ ትምለስ፡” ኢሉ ንኣገልጋሊኡ ጸዊዑ፡ ናብ መዕረፊ ክፍሊ ክወስዶ ሓበሮ።

ኣገልጋሊ፡ ከም ዝተባህሎ ንህበይ ኣበሰሮም ሒዙ ናብ ሓደ መዕረፊ ክፍሊ ወሲዱ ዝብላዕን ዝስተን ቀረበሉ።

ህበይ ኣበሰሮም፡ ነቲ ዝተቐረበሉ ዝብላዕን ዝስተን ብሓጐስ ተቛደሰ። ኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ድሕሪ ምዕራፍ፡ ናብ ዓዱ ክምለስ ወሰነ። ካብታ ዘዕረፈላ ክፍሊ ወጺኡ ኸኣ ናብ ኣያ ኾሉ ኣበለ።

ናብ ኣያ ኾሉ ምስ በጽሐ፡ እታ ዘምጽኣ ዘንቢል ሸዊት ዕፉን መሊኣ ርኣያ። ጐረሮኡ ጸሪጉ ድማ፣

“ክቡር ጐይታይ፡ መሬት ከይመሰየ ናብ ዓድና ንኽበጽሕ ሕጂ ኩብገስ ወሲነ ኣለኹ፡ ” ብምባል ብትሕትና ተዛረበ።

ኣያ ኾሉ፣ “ሕራይ ሰናይ ጉዕዞ ይግበረልካ። እዛ ወረቐት ድማ ናብ ጐይታኻ ኣብጽሓያ። እዚ ሸዊት ቀሩብ ክኾብደካ እዩ፤ ስለ ዝኾነ እናዕረፍካ ምኻድ ከድልየካ እዩ። ደጊመ ሰናይ ጉዕዞ ይግበረልካ፡” ንህበይ ኣበሰሮምን ነቲ ኣብ ዘንቢል ዝነበረ ሸዊት ዕፉንን ኣበራርዩ እናጠመተ ተዛረበ።

“የቐንየለይ!! ክቡር ጐይታ ብዝገበርኩምለይ እንግዶት ኣዝየ ኣመስግን። ደጊመ ኩብረት ይሃበለይ ኩብለኩም ባህ ይብለኒ፡” ህበይ ኣበሰሮም ብሓጐስ ተዛረበ።

“ገንዘብካ፡ በል ሰናይ ጉዕዞ ይግበረልካ። ንጐይታኻ ሰላምታ ኣብጽሓለይ፡” ኣያ ኾሉ፡ ክምስ ብምባል ተዛረበ።

“ሕራይ ኩብሎ እየ። ሰናይ ምሸት ከይደ ኣለኹ” ደኒኑ ነቲ ዘንቢል ሓፍ ኣቢሉ፡ ኣብ መንኩቡ ድሕሪ ምስካም ጉዕዞኡ ፈለመ።

ህበይ ኣበሰሮም፡ ብሕጉስ መንፈስ ዕስራ ደቓይቕ ተጓዕዘ። ኣብ መገዱ፡ እታ ኣብ ዓዶም ህብብቲ ዝኾነት ደርፊ ይደርፍ ነበረ። እታ ደርፊ ከምዚ እያ ትብል፤

*‘ኵልና ንሰራሕ*

*ብሓደ ሰሚርና፡*

*ዓድና ነልምዕ*

*ዘረባ ገዲፍና፡*

*ሰራሕ ክብረት'ዩ*

*ናብ ዓወት ዝመርሕ!*

*ላላላላላላ!*

*ባባባባባባባ!”*

እናደረፈ ቀሩብ ምስ ተጓዕዘ፡ ድኻም ስለዝተሰመዖ ከዕርፍ ኣብ ሓንቲ ዕብይ ዝበለት እምኒ ኮፍ በለ። ከምዚ ብምባል ከኣ ንበይኑ ክዛረብ ጀመረ፣



“ሕጂ ጸጊበ ኮይነ እምበር፡ ካብዚ ዕፉን ምበላዕኩ ነይረ። ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ፡ ክብተን ፍረ ከምዝበላዕኩ ኣይተፈለጥኩን። እዛ ጽሕፍቲ ብዛዕባ ሰላምታ ምኻና ሕጂ ኣረጋጊጸ ኣለኹ። ብዛዕባ ናይቲ ፍረ እንተትኾውን ከምዝጉደልኩ ምፈለጡ ነይሮም። ...በዚ ናይ ሎሚ ልኡኽይ ጐይታይ ክፈትወኒ ተስፋ እገብር። ስለዚ፡ ጐይታይ መታን ክሕጉሰለይ ቀልጢፈ ክበጽሕ ኣሎኒ፡” ብምባል ካብታ ዓባይ እምኒ ተንሲኡ ዘንቢል ተሰኪሙ ብቕልጡፍ ኣሳጒማ ጉዕዞኡ ቀጸለ።

ይቕጽል...

# ክለብ ንባብ፡ መሰረት ብሩህ መጻኢ ተመሃሮ



ንባብ፡ ኣብ ህይወት ወዲ ሰብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ‘ዘንብብ ይዕንብብ' ዝብል ጽሑፍ ክትደጋገም ንሰምዕ። ንሎሚ እምበኣር ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ ተዛዊርና ዝተዓዘብናዮ ከካፍለኩም ኢና'ሞ፡ ሰናይ ንባብ!

ኣብ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ፡ ብደራሲት ራሄል ኣስገዶምን ዶክተር ሰላም ኪዳንን እናተኣልየት እትካየድ ናይ ንባብ ክለብ ኣላ። እዛ ክለብ ካብ እትምስረት 3 ዓመታት ኣቝጺራ ዘላ ኾይና ከባቢ 80 ኣባላት ድማ ኣለዉዋ።


እዛ ናይ ንባብ ክለብ፡ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ እንታይ ማለት'ዩ?’ እናበሉ ከንብብዎ ኣይከኣሉን። ድሕሪ ግዜ ግን ተፈታውነት ኣጥረያ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንሳልሳይ ግዜ እያ ተሓቲማ ዘላ። ኣብዛ ናይ መወዳእታ ሕታም ከኣ ብዙሕ ምትዕርራያት ገይረላ ኣለኹ። . . . ትርጉም ብፋሕተርተር ኢኻ እትመሃሮ። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት ዝንባለ እንተሃልዩኩም ክትጽዕሩን ብዘይ ምቁራጽ ከተንብቡን ይግባእ።... ቋንቋኹም ኣብ ምምላኽ ድማ በላሕቲ ክትኮኑ ኣለኩም።... ቅድም ዝንቡብ መጽሓፍቲ ኣይነበረን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝንቡብ መጽሓፍቲ መሊኡ ኣሎ፣ ኣንባቢ ግን ውሑድ እዩ። መጻእቲ ጽሓፍቲ ንስኹም ስለዝኾንኩም ነዚ ተፈጢሩልኩም ዘሎ ዕድል ክስቡሉ። ...ካብ ሕቶታትኩም ከም እተገንዘብኩዎ ኣዚኹም በላሕቲ ተመሃሮ ከም ዝኾንኩም ተረዲአ ኣለኹ። ... ስለቲ ንመጽሓፈይ ተገዲስኩም ኣንቢብኩም ክትዋስእዋ ምኽኣልኩምን ንኣይ ምዕዳምኩምን ብልቢ ኣመሰግን፡” ብምባል ምኽርን ምስጋናን ንተመሃሮ ለጊሶም።

ሓንቲ ካብ ኣባል እዛ ክለብ፡ ሓሳብ ኣካፊላትና ነይራ፣ ራሄል ኣሰፋው ትብሃል። ተመሃሪት ሓሙሻይ ክፍሊ እያ። ንሳ፡



ኣብ ክልተ እብረ ኣጋይሽ እናዓደመት መጽሓፍቲ ዘንበቡን ሕቶታት ተመሃሮ ዝምልሱ ደረስትን ካልእን ንጥፈታት ተካይድ።

ናብዛ ቤ/ት ኣብ ዝበጻሕናሉ፡ ጋሻ እዛ መዓልቲ ተርጓሚ ብዙሓት መጽሓፍቲ ዝኾኑ ክቡር ኣቦና ኣቶ ተኪአ ተሰፋይ እዮም። ተመሃሮ ንኽቡር ኣቦኦም ምስ ረአዩ ብሓጐስ ተቐቢሎሞም። ድሕሪ ምውሃብ ሰላምታ ኸኣ መደብ ብደራሲት ራሄል ኣስገዶም ተኸፊቱ። ቀጺሉ ተመሃሮ ንመጽሓፍ ፒኖክዮ ብመልክዕ ድራማ ከቕርቡ



ተመሃሪት፡ ኣብ ተዋስኦ ፒኖክዮ

ጀሚሮም። እቶም ተመሃሮ ንፒኖክዮ ዝምስሉ ነዊሕ ኣፍንጫን ዓቢ እዝንን ብምግባር ካብ'ቲ ኣብ መጽሓፍ ፒኖክዮ ዘሎ ጽሑፍ ብቓሎም ክወጽኡዎ ጀሚሮም። እዚ ድማ ንተዓዘብቲ ተመሃሮ ኣመና መሳጢ ስለዝነበረ፡ ተመሃሮ ሰሓቕ ኣሰንዮም፡ ብሕጉስ መንፈስን ቅዱስ ቅንእን ተኸታቲሎሞም።

ድራማታት ካብ መጽሓፍ ፒኖክዮ ምስ ተዛዘመ፡ ተመሃሮ ንተርጓሚ መጽሓፍ ፒኖክዮ፡ ኣቶ ተኪአ ተሰፋይ ዘለዎም ሕቶታት ከውሕዙ ጀሚሮም። ልዕሊ ሰላሳ ሕቶታት ከኣ ካብ ተመሃሮ ቀሪቡ። ኣቶ ተኪአ ድማ ንተመሃሮ ብዝርድኦም ቃና፡ ንሕቶታት ተመሃሮ ብምቕሉልነት መልሲ ሂቦም።

መደብ ቅድሚ ምዝዛሙ፡ ኣቶ ተኪአ ከምዚ ክብሉ ንተመሃሮ ምዕዶኦም ኣካፊሎም፤

“መጽሓፍ ፒኖክዮ ክትርጉማ ከለኹ ኣብቲ መጀመርታ፡ ከሕትማ ኢለ ኣይኮንኩን ጀሚረያ። ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ ተርጒመ ምስ ዛዘምኩዋ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ተሓቲማ ንኽትዝርጋሕ ንቤት ማሕተም ኣረከብያ። ካብዛ መጽሓፍ ዝረኸብኩዎ ኣታዊ ኣይነበረን። እንተኾነ ንኻልእ ስርሒይ መሰረት ኮይናትኒ እያ። ... ኣብቲ መጀመርታ፡ ‘ዝዘረብ ሉሕ

“ኣብዛ ናይ ንባብ ክለብ ካብ ዓሚ ጀሚረ ኣባል ኮይነ ኣለኹ። ኣብዛ ክለብ ካብ ዝጥርነፍ ከባቢ ሰላሳ ዝኸውን መጽሓፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ። ልዕሊ ኾሉ እቲ ሃንቡጥ ምስ ኣባላት እዛ ክለብ ስለእንዝራረበሉ፡ ነቲ እነንብቦ መጽሓፍ ብደቂቕ ኢና ንርድኦ። ተወሳኺ፡ ብዙሓት ናይ ሃገርና ደረስቲ ክንላለን ካብ ተመኲሮኦም ክንመሃርን ሓጊዙ እዩ። ኣሊየትና ድማ ከይተሓለላ እየን ዝሕግዛና። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት ክለብ ብዙሕ ረብሓ ስለዘለዎ፡ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ከምዚ ናትና ክለብ ክህልወን እላቡ” ብምባል ሓሳብ ገሊጻ።

ከምዚ ዓይነት መደብ ንተመሃሮ ኣብ ንባብ ዘለዎም ተግዳስነት ስለዘዕቢ፣ ኣብ መጻኢ ድማ ጽልዋ ዝሓድሮም ተመሃሮ ክዕብዩ ስለዝኽእል፡ ንኣዳለውቲ እዚ መደብ እናደነቕና ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ካብዚ ናይ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ ተማሂረን ዕዉት መደብ ክሰርዓ ንላቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንባብ መሰረት ኵሉ ምዕባለ ስለዝኾነ፡ ተመሃሮ ካብ ንኡስ ዕድመኦም ኸንብቡ መምህራን ወለዲ ከምኡ'ውን ደረስቲ ኣበርቲ ክኾኑ ንላቡ።



ተመሃሪት ራሄል ኣሰፋው

# ዝኽሪ ህልቂት ጸላም ሰንበት ኣብ 50 ዓመቱ

ሪፖርታዥ

ቀዳዊ ተወልደ
(ኣ/ዜ/ኤ - ጋሽ ባርካ)

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ተኸታተልቲ መግዛእታዊ ስርዓታት ነዊሕን መሪርን ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብምክያድ ናጽነቱ ብደሙን ኣዕጽምቱን ዘረጋገጸ ኣብነት ወጽዓት ህዝብታት ዓለም ምኳኑ ማዕከሪ ዘየድልዮ ሓቂ እዩ። ኣብቲ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ መዋእል ደማ ገዛእቲ ሓይልታት፡ ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ከምዘየድልዮም ብጋህዲ ዘንጸባርቑሉ ተግባራትን ኣረሜናዊ ግፍዕታትን ፈጺሞም እዮም። ሕንሕነ ናይቲ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽን ዓውደ ውግእን ዝጦጦም ዝነበረ ክሳራታት ኮይኑ እንትርፎ ኤርትራውያን ካልእ ኣበሳ ዘይብሉ ንጹህ ዜጋ ብጅምላ ጨፍጨፎሞም። እዚ ከኣ ሰንበራቱ ዘይሃሰሰ ናይ ትማሊ ዝኽሪ እዩ።

ጸላም ሰንበት ኣብ 1975 ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ብገዛእቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ዘሰካሕክሕ ህልቂት ዝተፈጸመላን ሓንቲ ካብተን ንጹህ ደም ኤርትራውያን ዜጋታት ዝተኻዕወላን ካብ ዝኽሪ ኤርትራዊ ዘይሃሰስ ዕለታት እያ። እታ ዕለት'ቲኣ ሓንቲ ካብተን ይቕረ ዘየብሃሎም ግፍዕታት ጸላኢ ዝተፈጸመላ ክትኮውን እንከላ ኣቘርደት ድማ ኮይና ዘሰካሕክሕ ግፍዒ ዝሰገደት ከተማ እያ።

ኣቘርደት ኣብ ጉምጉም ሩባ ባርካ ኣብ 1935 ዓም ዝተደኮነት ምጭውቲ ከተማ እያ። ኣብቲ ዝተማስረተትሉ እዋኑ ጠቐላላ ስፍሓታ ኣስታት 293 ሄክታር ወይ ድማ ኣስታት 3 ትርብዒት ኪሎሜትር ጥራይ ዝሽፍን ከምዝነበረ ኣብ መዛግብቲ ምምሕዳር ሰፈሩ ይርከብ። ኣቘርደት፡ ከም ካልኦት ዓድታትን ከተማታትን ኤርትራ ኩሎም ተኸታተልቲ ገዛእቲ ሓይልታት እግሮም ዘንበሩላ ብምኳና ገሊኦም ንረብሓኦም ክብሉ ህንጻታት ዝሃነጹላ፡ ከም ደርግ ዝኣመሰሉ ህዝቢ ዘይንታየም ስርዓታት ኢትዮጵያ ድማ ዝፍንተሉት ዘይሃሰሰ ሰንበራት ዝገደፋላ ከተማ እያ። ብፍላይ 9 መጋቢት 1975 ሰንበት መዓልቲ ድማ፡ ኣብታ ከተማ ኣረሜንነት ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተጋህደላ ዕለት እያ።

ኣብታ ዕለት፡ ይትረፍ ብኣዒንትኻ ክትርእየ እንክትሰምዖ'ውን ዘሰካሕክሕ ጨፍጫፊ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ተፈጺሙ። እቲ ፍጻመ ሓደ ክልተ እናበለ ዓመታት ኣቑጺሩስ ድሮ 50 ዓመቱ ኣብ ዝመልኣሉ ደማ ብ19 መጋቢት 2025 ዝኽሪ ናይታ ጸላም ዕለት ተኻይዱ። ኣብቲ ናይ ዝኽሪ ዕለት፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይን ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራን ዝርከብዎም ሓለፍቲ፡ ኣባላት ሰራዊት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርትን ወጻኢ መዓት ናይቲ ፍጻመን ክርከቡ እንከለዉ ኑቲ ናይ ዝኽሪ ዕለት ዘንጸባርቑ ዝተፈላለዩ ስነጥበባዊ ማሰናድኣታት ድማ ቀሪቦም።

ወግዓዊ ናይ ዝኽሪ መደብ ብዝኸረ ሰማእታት ምስ ተኸፍተ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቘርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም፡ ጸላም ሰንበት ኑቲ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ነበርቲ ኣቘርደት ኣብ 1975 ዝተፈጸመ ህልቂት ዘውክል ስም ኮይኑ ካብን ናብን ዘይብሎሉ ተመሳሰልቲ ኣረሜናዊ ግፍዕታት ኣብ ብዙሓት ዓድታታትን ከተማታትን ኤርትራ ከምእተፈጸሙን ዝኽሮም ብዝተፈላለዩ ማሰናድኣታት ከምዝዘኸርን ጠቒሱ፡ ኣሰከፊን ግዳያት ጸላም ሰንበት ዓሪፉሉ ዘሎ ቦታ ብዝተመሓየሸን ንዝኽሮም ብዝሞጥንን ኣገባብ ናይ ምህናጽ መደብ ተታሒዙ ብምህላዉ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ከዓቢ፡ መንእሰያት ድማ እቲ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ግፍዒ ኣካል ናይቲ ምእንቲ ናጽነት ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ምኳኑ ተገንዚቦም ሕድሮም ንምፍጻም ወትሩ ቅሩባት ክኾኑ ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ኣብታ ዕለት 467 ንጹሃት ነበርቲ ኣቘርደት ብዘተመልከተለይ ብጥይትን ብኻራን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 130 ድማ ከምእተወግኡ ጠቒሱ፡ እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ሕሉፍ ግፍዕታት ስርዓታት ኢትዮጵያን ካልኦት ገዛእቲ ሓይልታትን ብምዝካር ጽልእን ቅርሕንትን ንምቕስቃስ ዘይኮነስ ርዝነት ናይቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፎ መሪር መዋእልን ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋን ብምንጻር፡ መንእሰያት ኣብ ምውሓስ ናይታ ብከቢድ ዋጋ ዝተረኸበትን ዝተዓቀበትን ናጽነት ክጻወትዎ ብዘለዎ ዝጉብኦም ተራ ሓላፍነት ንምስቑም ዝዓለመ ምኳኑ ገሊጹ።

ሓደ ኣካል ናይቶም ኣብ መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ጸላም ሰንበት ዝቐረቡ ትሕዝቶታት፡ ወጻኢ መዓት ናይቲ ፍጻመ ኑቲ ዝነበረ ሃዋህው ኣመልኪቶም ናይ ቃል ምስክርነቶም ዝኽሮምን ዘካፈልሉ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ካብቲ ኣረሜናዊ ጨፍጫፊ ንስክላ ዘምለጡን ብዕድል ዝተረፉን ነበርቲ ኣቘርደት ገለ ካብቲ ካብ ኣእምሮኦም ዘይሃሰስ ዝኽሪ ኣብ ዘካፈሉ፡ ኣቘርደት ቅድሚ'ቲ ዘሰካሕክሕ ፍጻመ ዓዲ ጸጥን ጠስምን ዓዲ ሕርሻን ስራሕን ከምዝነበረትን ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝመጽኡ ዜጋታት ብፍቕርን ሰላምን ዝነብሩላ ሰላም ዝሰፈና ዓዲ ምንባራን ይዝክሩ።

ኣቘርደት ከም ኩሎም ካልኦት ከባቢታት፡ ተጋደልቲ ሓርነት ድሒሩ'ውን ህዝባዊ ሓይልታት ዝንቀሳቐስሉን ዝተፈላለዩ ስርሒታት ዝፍጸመሉን ከባቢ ብምንባሩ፡ ብዓይኒ ጸላኢ፡ ነበርታ "ንሰውራን ተጋደልትን ዝሕብሕቡ ኣንጻር ኣብዮት ዝቖሙን ካብኦም ብረት ኣልዒሎም ዝቃለሱ ዝነበሩ ፈሊኻ ዘይረኣዩ ሽፍቱን" ዝብል ጥብቆ ለጊብዎም ብምንባሩ፡ ኣብ መወዳእታ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ መጋቢት 1975 ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ህልቂት ተፈጺሙ። እዚ ድማ ደይ መደይ ኣልካ ህዝቢ ርዒዱ ንሰውራ ኤርትራ ዝጉብሮ ዝነበረ ኣበርክቶ ንምስላፍ ዝዓለመ ምኳኑ እቶም ኑቲ ዘሰካሕክሕ ፍጻመ ብዓይኖም ዝተዓዘቡን ብጥይት ተወጊኦም ካብ ሞት ዝተረፉን ይጠቕሱ።

ታሪኽ ብሪታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ታሪኽን ኣመዓብላን ከተማታትን ዓድታትን ድማ ብፍላይ፡ ምስ ሕሉፍ መግዛእታዊ ስርዓታት ብቐጥታ ዝተሓሓዘ ብምኳኑ፡ ከተማ ኣቘርደት'ውን ኑቲ 50 ዓመቱ ዘቑጸረ ዝኽሪ ጸላም ሰንበት ደማሪኻ ዝተፈላለዩ ግፍዕታት ርኢያ። እዚ ሓሊፉ ኣብዚ ሕጂ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ዝበጽሐት ሓንቲ ካብ ወቁቦት ከተማታትን ዓድታትን ጋሽ ባርካ ድማ እያ። እቲ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ኣቘርደትን ከባቢኣን ዝወረደ ኣረሜናዊ ግፍዒ፡ ብረዚን ዋጋ ብዝተረኸበ ናጽነት ተደቢሱ፡ በቲ መግዛእቲ ተሰኪሞም ተብታቲኖም ዝነበሩ ነበርቲ ኣቘርደትን ከቢኣን እውን፡ ናብ ዓደም ክምለሱ ግዜ ኣይወሰዱን።

ድሕሪ'ዚ ኣቘርደት፡ ከም ካልኦት ከባቢታት ቅልጡፍ ምዕባለን ለውጥን ከተመዝግብ ጀሚራ። ተዳኺሙ ዝነበረ ኣብ ጉምጉም ባርካ ዝርከብ መለለዪኣ ዝኾነ ልምዓት ጀራዲን ብምብርባሩ ድማ፡ ብዙሓት ምስቲ ዓውዲ ቅርበት ዘለዎም ብሕርሻ ክነብሩ ዝመረጹ ሓረስቶትን ኣብ ማሰኖኣዊ ሕርሻ ጉልበቶም ወፍዮም መነብሮኦም ክመርሑ ዝደለዩን ዜጋታት ብብዝሒ ናብታ ከተማ ክውሕዙ ስለዝጀመሩ፡ ቁጽሪ ነበርታን ስፍሓታን ብቕጽበት'ዩ ወሲኹ።

ኣቘርደት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ማእከል ምምሕዳር ናይቲ ብስማ ዝጽዋዕ 16 ምምሕዳር ከባቢታትን 114 ዓድታትን ዝሓቘፈ ንኡስ ዞባ ኮይና፡ ጠቕላላ ስፍሓታ ድማ 936 ሄክታር ወይ ድማ 9.3 ትርብዒት ኪሎሜትር በጺሑ ይርከብ። ብዘይካ'ቶም ኣብ ውሽጣ ዘለዉ መንግስታዊ ትካላት፡ ልዕሊ 1700 ንግዳዊ ትካላት ኣለዉዋ። እዞም ንግዳዊ ትካላት፡ ኣብ ምምሕያሽ መነብሮ ነበርቲ ኣቘርደትን ከቢኣን ዝጸወትዎ ተራ ኣቃልልካ ዝርአ ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ ድማ ሕጋዊ ማስርሒ ተኸቲሎም ዝሰፍሓሉ ባይታ ተፈጢሩ ንዕብየቶም ብዕቱብ ይሰርሑ ኣለው።

ልምዓት ጀራዲን እታ ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ኣረሜናዊ ግፍዒ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዝሰገደት ከተማ ኣቘርደት ትልለየሉ ሕርሻዊ ንጥፈት ኮይኑ፡ ኣብ ጉምጉም ናይቲ ተቐጺትዋ ዝሓልፍ ሩባ ባርካ ዝለምዑ ኣስታት 1400 ሄክታር ዝሸፍኑ ጀራዲን ክህልዉ እንከለዉ፡ 187 ብማሕበር ተጠርኒፎም ኣሕምልትን ፍረታትን ዘልምዑ ሓረስቶት ድማ ይሓቑፍ። ካብዞም ብማሳና ዝለምዑ ጀራዲን ዓመታዊ ዝሕፈስ ምህርቲ ኣብ ዕዳጋታት ቀረብ ኣብ ምምላእ ጠለብት ዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ድማ ልዑል እዩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣቘርደት ሰላምን ርግኣትን ዝሰፈና፡ ኣብ ኀደና ምዕባለ እትግስግስ ዘላ ከተማ ኮይና፡ ህዝባ ድማ ኑቲ ብኸብሮ ማሰዋእቲ ዝተጎናጸፎ ሰላምን ርግኣትን እናስተማቐረ፡ ምስ መንግስቱ ኢደን ጓንትን ኮይኑ፡ ንዕብየት ከተማኡ ዝሕተቶ እናማልኣን ምእንቲ ናጽነት ንስተሰውኡን ኣብ ቤቶም ክቡር ሂወቶም ንዝኸፈሉን ሰማእታቱ ብሓለን እናዘከረ፡ ልምዓታዊ መደባቱ ንምዕዋት ተጊሁ ይሰርሕ ኣሎ። ከም ማእከል ዝነበረ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ዓውት በጺሑ፡ ህዝቢ ጸማ ዝሓለፈ መሪር ተጋድሎኡን ዝሓልፎም ዘሎ ናይ መኸተ መድረኻትን ዝረኸበሉ ግዜ ርሑቕ ስለዘይኮነውን ደማ፡ ከተማ ኣቘርደትን ነበርታን'ውን ኣካል ናይቲ ብዑህ መጻኢ ኮይኖም፡ ከም ጸላም ሰንበት ዝኣመሰሉ ታሪኻዊ ፍጻመታት እናዘከሩ ሓዳድ ምዕባለ ረጊጾም ብዘለፉ ይግስግሱ ኣለዉ። ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ኑቶም ምእንቲ ናጽነት ክቡር ሂወቶም ዝኸፈሉ ሰማእታት።











## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮብክስ |
| 09:40 | ሃለቑልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መልሰኣብመስመር |
| 14:20 | ናትራን |
| 16:30 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:05 | ሳይዳ |
| 18:00 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር E2 |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃ ማ ደ ኤ

## ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብቲ ቀደም

ሚርያም ዮሴፍ

ኣብ ሃገርና፡ ንባህሊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ፡ ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ ተጻሒፎም እዮም። ብፍላይ ኣብ ናይ ቀደምቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረ ታሪኽ፡ ናይ ቀደም ኣያታትና ዝፈጸምዎ ጅግንነትን ቅያታትን፡ ንመግዛእትን ወራራትን ዝነበሮም ናይ መኸተ ባህሊ ብዝርዝር ከንጸብርቕ ይፍትን። ኣብ መብዝሕትኡ ግን ኑቲ ምስ ዝተፈላለየ ናይ ቃልሲ ኩነታት ብምግዳዝ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ዘካይድኦ ዝነበራ እምቢታ ብዝርዝር ዝገልጽ ኣይኮነን። እቶም ካብ ነዊሕ እዋናት ብኣፋዊ ያታታት ክሰጋገሩ ዝጸንሑ ዛንታታት ከምዝሕብርዎ ግን፡ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ፖለቲካዊን ጾታውን ብደሆታት ብዝርዝር ይገጥማ ከምዝነበራ እዩ ዘዘንቱ። ንሎሚ እምበኣር ንገለ ካብኡ ክንድህስስ ኢና።

### ዛንታ ዓዲ ሹማ

ታሪኽ መበቆል ዓዲ-ሹማ ከም ዝሕብሮ፡ ናይቲ ቀቢላ ስም ካብ ሓንቲ ሹማ ዝተባህለት ካብ ቀቢላ ጻውራ ዝመበቆላ ሰበይቲ እዩ ተወሪሱ። ሹማ ንብርኻ ምስ ተመርዓወት፡ ካብቲ ከንብራ ዘይከኣለ ሕሱም ብዓል ቤታ ንምንጋፍ፡ ናብ ሓንቲ ሓያም ሓፍታ ብምኻድ፡ ኣብ ዓይለት ሰፈረት።

እዘን ክልተ ኣሕዋት ኣዝየን ምልኩዓት ስለዝነበራ፡ ደለይተንን ተውዳደርትን ካብ ብዙሕ ወገናት እቲ ከባቢ መጽኡ። ኣብ መንጎኦም፡ ኣሚር ዓሊ ናይብ ዝተባህለ ብዓል ሕርጊጎ ነበረ። ነታ ሓያም ብምምርዓው፡ ነታ ሃዲማ ዝመጸት ሹማ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ዝተዋጽኡ ዕጡቓት ሂቡ ኣዕቆቡ። ካብቶም ሹማ ዘወለደትሎም ድማ እዛ ሕጂ ዓዲ-ሹማ ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ኮነት። ሹማ ንጾታዊ ጸቕጢ ሰጊራ፡ ጣቓን ኩርጣን ዝተሳገረትን ዕድላ ባዕላ ንምውሳን ዘበቐዐትን ተባሂላ ዝዘንተወላ እያ። እንሆ ድማ ኣደ ብስማ ዝጽወዕ ብዙሃን ክትከውን ከኣለት።

### ዛንታ ሓላይ

እዚ ኣብ ኣመሰራርታ ሓላይ እትብሃል ጥንታዊት ዓዲ ዝነበረ ተቓውሞ ደቂ-ኣንስትዮ ዘብርህ ያታ እዩ። ሓላይ፡ ኣብዚ ሕጂ ዘላቶ ቦታ ዘይኮነስ ኣብቲ ካብ ሓላይ ንሰሜናዊ ምዕራብ ዝርከብ ሳዕላይ ሓላይ ዝበሃል፡ ብዙሕ ዐናታት ዘለዎ ቦታ ተመስሪታ ነበረት። ሳዕላይ ሓላይ ካብ ማይ ኣዝዩ ርሑቕ ነበረ'ሞ፡ ደቂ-ኣንስትዮ እቲ ዓዲ ማይ ክወርዳ ይሸገራ ነበራ። ሓደ መዓልቲ ደቂ-ኣንስዮ ሓላይ ተኣኪበን ኑቶም ኣብ ባይቶ ተኣኪቦም ዝነበሩ ደቂ-ዓዲ፡ ኣብ ጥቓ ማይ ከሰፍሩወን ብሓደ ድምጺ ሓተታ። እዚ፡ ንብርር ተርእዮ ኣይነበረን። ድሕሪ ነዊሕ ናይ ባይቶ ክርክር ድማ፡ ከምቲ ዝሓተታኦ ተገብረ። ኮይኑ ድማ ሓላይ ሎሚ ኣብ ጥቓ ማይ እትርከብ ዓዲ እያ።

### ዛንታ ስሒንን ኢለንን

ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ብትብዓት ኣብ ኲናት ይሳተፋን ይመርሓን፡ ዓብይቲ ዓወታት'ውን የመዝግባ ነይረን እየን። ገለ ካብተን ኣብ ታሪኽ ኣሰምዛተን ዘሰፈራ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ስሒንን ኢለንን ይብሃላ። ቅድሚ ምምጻእ ጥልያን ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ኣብ መንጎ መሳፍንቲ ጸዓዘጋን ሃዘጋን ብርቱዕ ናይ ስልጣን ውድድር ነበረ። ሓንቲ ካብተን ተቐናቐንቲ ድማ ኢለን ወልዱ - ኣደ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰሎሞን ነበረት።

ኢለን፡ በላሕ፡ ኩሩዕ ጠባይ፡ ዓቢ ናይ ስልጣን ህርፋን ዝነበራ ሰበይቲ እያ ዝነበረት። ብዓል ቤታ ምስ ሞተ፡ ክልቲኦም ደቃ ንኣሽቱ ስለዝነበሩ፡ ናይ ኣቦኦም ስልጣን ብቐጥታ ክወርሱ ኣይከኣሉን። ኢለን ስልጣን ብዓል ቤታ ካብ ደቃ ናብ ካልእ ከይሰጋገር፡ ናብ ወቤ (ናይ ትግራይ ገዛኢ) ብምኻድ፡ ስልጣን ናይ ወዳ ንዓኣ ክፈልጠላ ሓተተት። ሓሳባ ብምድጋፍ ድማ 10 ሽሕ ወተሃደራት ኣሰነዩ ሰደዱ። ህዝቢ ሓማሴን ግን ብበዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝ. ኢይተቐበልምን። ኮይኑ ድማ ኣብ ጉራዕ ዓሪዶም ተዋግኡዋ። እንተኾነ እቲ ኲናት ብናይ ኢለን ዓወት ስለዝተደምደመ፡ ኢለን ስልጣን ክትጭብጥ ከኣለት።

ድሕሪ ሓጺር እዋን ሓደ ኣብ ትግራይ ዝዓበየ ወዲ ጸዓዘጋ፡ 500 ወተሃደራት ሒዙ ጸዓዘጋ ኣተወ። ህዝቢ ጸዓዘጋ ከአ መራሒኡ ንክኸውን ተቐበሎ። ስልጣን ካብ ሃዘጋ ንምምንጣል ብ1840 ኣንጻር ሃዘጋ ኲናት ኣወጀ። ኢለን ሰራዊታ ኣኽቲታ ኑቲ ኲናት መርሓቶ። ንጸዓዘጋ ኣብ ዓዜን ብምስዓር ድማ ናይ ደቃ ስልጣንን ናይ ኣቦኦም ናይ ምውራስ መሰልን ዳግማይ ኣውሓሰት።

ኣብ ከባቢታት ናይዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ እዋናት፡ ቅድሚ ምምጻእ ጥልያን ማለት'ዩ፡ ኣብ ዓዲ-መንጉቲ፡ ስሒን ዝተባህለት ሰበይቲ'ውን ተመሳሳሊ ዛንታ ነበራ። ስሒን፡ ብዓል ቤታ ኣቶ ቶምጥሳ ምስ ሞተ፡ ደቃ ሒዛ ኣንጻር በራኺን ተሰፋጽዮንን ዝተባህሉ ስልጣና ዝተሻመዉ ደቂ ሰበኣያ ንኽትዋጋእ ኣብ ክሳድ ዳዕሮ ዓረደት። ደቀ-ደኾመ ብቐራጽነታን ትብዓታን ተመሲጦም ምስኣ ኣሻርዮም ተዋግኡ። ሽዑ ድማ'ዩ፡

“ኣብ መዓል ኣርሓ
ኣዳም ከም ኣሓ
ከኾን ጭርሖ ሪሳ
ኣብ ስዋር ደላ
ሰብ ተታለላ
ኣብ መፋልሶ
ኣዳም ሕምሶ . . .” ተባሂሉ ዝተገጥመላ። ከምዚ ብምግባር ስሒን ኑቶም ስልጣን ንምሽማው ብዓል ቤታ ዝቐተሉ ሰዒራ፡ ስልጣን ኣብኣን ኣብ ደቃን ከም ዝተርፍ ገበረት።

### ዛንታ ወ/ሮ ምቁር- መራሒት ባይቶ

ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ዓዲ ባይቶ ይመርሓን ይሸምግላን'ውን ነይረን እየን። ኣብ ዓዲ-ኳላ፡ ታሪኽ ናይ ወይዘሮ ምቁር፡ ጽቡቕ ኣብነት እዩ። ሰብኣይ ወይዘሮ ምቁር፡ ቀሺ-ኣይመት፡ ኑቲ ብውርሻ ዝረኸቦ ፖለቲካዊ ስልጣን ክኣልዮ ስለዘይከኣለ፡ ብዓልቲ ቤቱ ኑቲ ናይ ሽምዓድን ሽምግልትን ኣኼባታት ኣብ ሩባ ማይ ኩሓሰን ኣብ ዝርከብ ፍሉጥ ዳዕሮ ተካይዶ ነበረት።



### ክልአ (ክልተ) ፋጥና

ናይ ክልአ ፋጥና (ክልተ ፋጥና) ዛንታ'ውን ካልእ ኣብኑት እዩ። ክልአ ፋጥና፡ ኑቲ ካብ ትግራይ ናብ ምብራቕ ኤርትራ ዝመጸእ ዝነበረ ወራራት ኣብ ምክልኻል ይሳተፋ ከም ዝነበራ ታሪኽ የዘንቱ። ክልአ ፋጥና መበቆለን ካብ ቀቢላ መሓፈር ሳሆ ክኸውን ከሎ፡ እተን መጀመርያ ኣብ ኢሮፋለ ሸቐጥ ዝጀመራ እየን ተባሂሉ ይንገረለን። እቲ ንወራራት ናይቶም ካብ ኢሮብ ጉብራይን ዋሂድን ንምክልኻል ተባሂሉ ብቐቢላታት ዓሳሊሶን ጋዕሶን ዝተሰርሐ ካብ 60-70 ኪ.ሜ ዝርሕቀቱ ቦታ ዝሸፈነ ገዚፍ መንደቕ ድማ እኛመን ገበራ። ክልአ ፋጥና ብጉልበተን ጥራይ ዘይኮነ ኑቲ ዝ. መንደቕ ንምስራሕ ዝተዋፈረ ጉልበት፡ ንኽልተ መዓልቲ ከም ዝመገበአ'ውን ይንገር።

### ዛንታ ወ/ሮ ንግሳ (ሰይቲ ደግያት ባህታ ሓጎስ)

ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን ድሕሪ ሞት ናይቲ ወሩይ ጸረ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝነበረ ደጊያት ባህታ ሓጎስ፡ ብዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ንግሳ ምስ ሰዓብታ፡ ኑቲ ቃልሲ ንምቕጻል ንትግራይ ገጻ ሸፈተት። መግዛእታዊ ስርዓት ኢጣልያ፡ ኑቲ ብወይዘሮ ንግሳ ኣንጻሩ ኣብ ውሽጡ ክለዓል ዝኽእል ተቓውሞታት ሰግኣ። ኣብቲ እዋን ናይ ከተማ ሰገነይቲ ኣመሓዳሪ ዝነበረ ትልንቲ ብሩኖ፡ “ደጊያት ጉብረመድህን ወዲ ባህታ ሓጎስ ምሕረት ይልምን፡ ምስ ኣዲኡን ሰዓብቱን ንኤርትራ ክኣቱ ይጠልብ” ዝብል መልእኽቲ ናብቲ ናይ ኤርትራ ማእከላይ ምምሕዳር ለኣኸ።

“ፍጹም ኣይከውንን፣ ሰንጋል ምሕረት ዝረኸበ'ኳ በዚሕዎ፡ ጉብረመድህን ምስ ኣዲኡ ንግሳ ጸላእትና እዮም። ክሲ'ሞ ኣይንኸሶምን፡ ንሕና፡ ንዕኡ ኣቡኡ፡ ንዓኣ ብዓል ቤታ ቀቲልናላ ኢና። ኤርትራ ክኣትዉ ግን ዘበት'ዩ” ዝብል ናይ ራዕዲ ቃላት መለሱሉ።

### ደቂ-ኣንስትዮ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር

ኣብ እዋን መግዛእቲ እንግሊዝ'ውን ካልእ ኣብኑት ንረኽብ። መግዛእታዊ ስርዓት እንግሊዝ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምቅላስ መንፈሱ ንምቕታል፡ ዝተፈላለዩ ሸርሕታት የካይድ እኳ እንተነበረ፡ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበሮ ሰልፍታት ናይ ምቋም መሰል፡ ኣብ ሰልፍታት ተጠርኒፉ ይቃለስ ነበረ።

ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ'ውን ኣብ ትሕቲ እታ ሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ንምሕላው ብ5 ግንቦት 1941 ዝተመስረተት ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ተጠርኒፈን፡ ናተን ፍሉይ ማሕበር ኣቑመን ይቃለሳ ነበራ። ኣስካለማርያም ናይቲ ማሕበር ኣደ-ወንበር ክትከውን ከላ፡ ኣበራሽ ዝተባህለት ድማ ኑቲ ማሕበር ናይ ምምሕዳር ተራ ዝነበራ እያ።

እዘን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ማሕበር፡ ወትሩ ሰለስ እናተኣከባ፡ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገር ይዝቲያን መደባት የውጽኣን ነበራ። ንማሕበረን መማዕበሊ ዝኸውን ነፍሲ-ወከፈን ኣብ ሰሙን ፍርቂ ሽሊን (ናይ እንግሊዝ) የዋጽኣ ነበራ። ኣብቲ እዋን ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከዳዓም፡ ኑቲ ብመግዛእታዊ ስርዓት እንግሊዝ ዝተጠጅአ ኣጀንዳ ዘሳዕዩ ከደዓት ዝተራእዩሉ መድረኽ'ዩ ዝነበረ። ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ናይ ምግምማዕ ውዲት ኣሊሞም፡ ኑቲ እስላማዊ ክፋል ናይቲ ህዝቢ ካብቲ ማሕበር ንምንጻል፡

“ማርያም ምሳይ ኩኒ፡ ምሳይ ኩኒ
ትጉብርለይ'ዶ ከይትሰእኒ” ተባሂሉ ይድረፍ ነይሩ እዩ። ኑቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዝፀየድ ዝነበረ ጉስጓስ ንምብዓዋን ሃገራዊ ሓድነት ንምፍጣርን ድማ፡ ደቂ-ኣንስትዮ እዚ ማሕበር፡

“ሓቂ ምሳይ ኩኒ፡ ምሳይ ኩኒ
ትጉብርለይ'ዶ ከይትሰእኒ
ኣቱም ሓሙሸተ ኣቱም ሓሙሸተ
ንዑ ንዛተ. . . .” ብዝብሉ ደርፍታት ተሰንየን፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ብምእታው ጉስጓስ የካይዳ ነበራ።

ጸረ ጸቕጥን ናይ ቃልሲ መንፈስ ዘለዓዕሉን ጽሑፋት ብምጽሓፍ'ውን ጉስጓሳት የካይዳ ነይረን እየን። ንኣብነት፡

“ጸላኢ ግን ይዘበጥ ኣፍልቡ
ተኣሲሩ ክኸይድ ተኾብኪቡ
ኢሀታ ምሉእ ዓለም ኣኻኺቡ
ሉምስ ኣብ ምጥፍኡ እዩ ኣብ ምዕራቡ

ብልቢ ነማሰየን ኩላትና
ናብ ድሕሪት ዝጥምት ኣይሃልወና
ናብ ቅድሚት ንገበሮ ዕላማና
ዝኽሮ ጥንታውያን ምኳንና

ኣብዚ እዩ ማሰረት ሃገርና
ኣቦታትና ከም ዘዘንተውልና
ስልጣን ናትና፡ መንግስቲ ካብና
ርእሲ ክብ ደብል፡ ይተንስእ ሕልና

መንፈስ ባርያ ይሞንቆስ ካብና
ፈተውትና ንፍለጥ ጸላእትና
እንጌራን ኩዳንን ኣይኹን ትምኒትና
ሰቡት ኢና ከም ኩሎም ዓለምና
ጭውትት ሓርነት ዘለበስና
ዓይንና ንኽፈቶ ኣርሕዎ ልብና
ብስበኩት ዓያሹ ከይደንቆርና
ንለውጥ ነጸብቐ ንብረትና

ናይ ጸላኢ መንፈስ ከይደለና
ግራዝማች ቀኛዝማች ኣይኹን ድሌትና
ሃጺይ እንተኾነስ እንታይ ይጠቕመና
እንጌራን ትምህርትን ካብ ዘይሃለወና

መዓርግ ንያኣም ሰሰሙ ንዓና
ደምና ሰትዮም ቆርጠሙ ዓጽምና
ጽንጽያን ጸለምን እስትሕጋዮና
ዝ. ከስትብሀል ኣእምሮ ሃቡና
ካብ ዘወደቐናሉ እንተዘይተንሳእና
ንሕልምልም እዩ ንጥፍኣትና
ካብዚ መሓረና እዝጊኦ ፈጣሪና . . .”

ዝብል ረዚን መልእኽቲ ዝነበሮ ጉስጓስ የካይዳ ከም ዝነበራ ይዝንቶ።

ኣብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣብነታት፡ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣንጻር እቶም ዝተፈላለዩ ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ መግዛእታውያን ስርዓታትን ውሽጣውያን ኣድሓርሓርትን ታሪኻዊ ሓላፍነተን ብበቕዓት ተዋጺአን እየን። ድሒሩ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልስን ናይ ድሕሪ ናጽነት ተመክሮን'ውን፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣቐዲመን ዝጀመርኦ ቃልሲ እምበር ሓድሽ ካብ ሰማይ ዝወረደ ናይ ቃልሲ ወኒ ኣይነበረን።

ምንጪ
ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ
ሕታም 2009

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ይቕጽል

### ቀይሕባሕርን ኣልታሕሪርን ዓወት ኣመዝጊበን....





መበል 12 ግጥማት ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሓሙስ 27 መጋቢት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ቀይሕባሕርን ኣልታሕሪርን ዓወት ኣመዝጊበን።

ሰዓት ክልተ ድ.ቀ. ዝገጠሙ ኣልታሕሪር ምስ ፓራዲዞ እየን ነይረን። ኣልታሕሪር ብሓሙሽተ ነጥቢ ድሒራ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ እያ ትርከብ። ኣብ ቀዳሞት 45 ደቓይቕ ብዘይሸቶ ንዕረፍቲ ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣልታሕሪር፡ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ብመገዲ ወደብ ፍስሃየ ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ድሕሪ'ዚ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይ ምንባሩ ጸወታ 1-ብ0 ተዛዚሙ። ብሉጽ ተጻወታይ ድማ ካብ ጋንታ ኣልታሕሪር ኣማኑኤል ተስፋስላሴ ተረቚሑ።

ሰዓት ኣርባዕተ፡ ግጥም ቀይሕባሕርን ሓይሊ ኣየርን ሰዓቡ። ተጻወትቲ ቀይሕባሕሪ ተደጋጋሚ ብዘጥፍእዎ ነጥቢ ዝተዓዘሉ መሰሉ። ተጻወትቲ ሓይሊ ኣየር፡ ነዚ ዕድል'ዚ ዓብላልነት ክርእዩ ጀመሩ። ኣብ 36 ደቒቕ፡ ቀይሕባሕሪ ብመገዲ መድሃኔ ረድኢ ዝተፈተነታ ቅላዕ ልዕሊ ወርወር ተንከበሎዛ ወጺት። ተጻወትቲ ሓይሊ ኣየር እናተቐባበሉ ናብ ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ብምጽጋዑ ኣብ 38 ደቒቕ ብመገዲ ቢላል መሓመድ ጣሀር ሸቶ ኣመዝገበ። ቀይሕባሕሪ ንዝተመዝገቦም ሸቶ ንምምላስ ተሃንዲዶም እኳ እንተጥቀዐ፡ ሓይሊ ኣየር ግን ዕድል ከልእምም፣ 1-ብ0 ናብ ዕረፍቲ ወጺኦ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ድሕሪ ዝተወሰነ ደቓይቕ፡ ቀይሕባሕሪ ተጻወትቲ ክትቅይር ተራእየት። ኣብ ማስመር ምክልኻል ንዳዊት ረዘ፡ ኣብ ማስመር መጥቃዕቲ ድማ ንስምኦን ኣስመላሽ ኣእተወት። ቀይሕ ባሕሪ ደጊማ ነጥቢ ከይተጥፍእ ኣብ ሰግኣት ኣብ ዝበረትሉ ህሞት፡ ቅድሚ ሕጂ ብዓል ውዕሉታ ዝኾነ ስምኦን ኣስመላሽ፡ ተቐይሩ ድሕሪ ምእታዉ ድሕሪ ሰለስተ ደቓይቕ፡ ኣብ መበል 70 ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋብ ንጋንትኡ 1-ብ1 ኣመዓራረያ። ቀይሕ ባሕሪ ፍናን ረኸበት። ስምኦን ኣስመላሽ በዚ ከይዓገበ፡ ኣብ 79 ደቒቕ እውን ካልኣይቲ ሸቶ ብምድጋም ንጋንትኡ ናይ 2-ብ1መሪሕነት ኣትሓዞ። ሓይሊ ኣየር ንቀይሕ ባሕሪ ዘሰግእ ቅላዓት ናብ ልዳት ፈተነ። ኣብ መበል 90 ደቒቕ፡ ተጻወትቲ ቀይሕባሕሪ እናተቐባበሉ ዘምጽእዋ ኩዕሶ፡ ስምኦን ኣስመላሽ ተረኪቡ ናብ ወዲ ጋንትኡ የናታን ነጸረኣብ ኣሕሊፉ'ሞ፡ የናታን ምስ ልዳት ጸንበራ። ጸወታ ብዓወት ቀይሕ ባሕሪ 3-ብ1 ተዛዚሙ። ንወጽኢት ቀይሕ ባሕሪ ዝቐየረ ኣጥቃዓይ ስምኦን ኣስመላሽ ድማ ብሉጽ ተጻወታይ ተሰምዩ። ቀይሕ ባሕሪ ብ27 ነጥቢ፡ ኣልታሕሪር ብ22 ነጥቢ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኮይነን ይቕጽላ ኣለዋ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሎሚ 29 መጋቢት ሰዓት 10 ቅ.ቀ. ዝጅምር፡ ኣብ መንጎ ጋንታ ገጀረት ምስ ሓይሊ ኣየር፡ ኢንሹራንስ ምስ ምምሕዳር ሰምበል፡ ጎዳይፍ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ደንደን ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ክካየድ'ዩ።

መደብ ጸወታ ሰንበት፡ ማይተመናይ ምስ ኣዱሊስ፡ ደንደን ምስ ጎዳይፍ፡ ኩባንያ ሰምበል ምስ ኣስመራ በራ ውድድር ተሰሪዑ ይርከብ። ይኹን'ምበር፡ ሰንበት ዓዲ ምስ ዝኸውን ግን እዚ ጸወታ ናብ ሰሉይ ከምዘሰጋገር፡ ውድድር ሰሩሰርዓት ናይ'ቲ ፌደረሽን ይሕብር።

### ደሃይ ሻምፕዮና ካልኣይ ዲቪዥን

ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ መንጎ 17 ጋንታታት ኣብ ክልተ ምድብ ተመቒለን ናይ ክልተ ዙር ውድድር ግጥማት ሻምፕዮን የካይዳ ኣለዋ። እዘን ኣብ ሜዳ ካምፖ ቺቸሮን መጻወቲ ደንደንን ሓያል ተወዳድርነት ዘለዋ ጋንታታት፡ቀዳመይቲን ካልኣይቲ ኮይነን ዝተዓወታ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ሱፐር ዲቪንኤ ተሳታፍነተን ከረጋግጻ እየን። ወጽኢት ናይዘን ዓሰርተ ጋንታታት ካብ ምምሕዳራትን ሸውዓተ ጋንታታት ካብ ዝተፈላለያ ትካላትን እዚ ዝስዕብ እዩ።

ምድብ 'ሀ' ኣብ ዓሰርተ ግጥማት ዘካየድኦ ጸብጻብ፡ ዘራእትን ጥሪትን ከይተሳዕረትን ነጥቢ ከይጥፈኣትን ብ30 ነጥቢ ቀዳመይቲ፡ ቴራሞሎ ብ24 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ጸጸራት ብ20 ነጥቢ ሳልሰይቲ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ብ18 ነጥቢ ራብዓይቲ፡ ምምሕዳር ሰምበል ብሸሞንተ ነጥቢ ሓምሻይቲ፡ ንግዳዊ ባንኪ ብሸዱሽተ ነጥቢ ሻድሻይቲ፡ ጎዳይፍ ብሓሙሽተ ነጥቢ ሻብዓይቲ፡ ኣልታሕሪር 'ለ' ብሓሙሽተ ነጥቢ ሻምንይቲ ኮይና ከለዋ።

ኣብ ምድብ 'ለ' ድማ ኣብ 11 ግጥማት፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ብ31 ነጥቢ ቀዳመይቲ፡ ደንደን ብ22 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ብ19 ነጥቢ ሳልሰይቲ፡ ናይ ዓሰርተ ግጥም ገዛብንዳ ብ19 ነጥቢ ራብዓይቲ፡ ኣኸርያ ብ15 ነጥቢ ሓምሻይቲ፡ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ብ13 ነጥቢ ሻድሻይቲ፡ ገጀረት ብ12 ነጥቢ ሻብዓይቲ፡ ሓይሊ ኣየር ብ10 ነጥቢ ሻምንይቲ፡ ማይተመናይ ድማ ብዐዶ ወጽኢት ታሽዓይቲ ኮይነን።

## "ንሕና ማሽን ኣይኮንናን" መረረ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ

ኣብርሃም ዮሃንስ

ዋላኳ ሓሙስ ምሸት ባርሴሎና ኣብ ልዕሊ ኦሳሱና ዓወት ተመዝጊቡ፡ ተጻወትቲ ግን ኣብ ልዕሊ ላሊጋን ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ስጳኛን መረረኦም ኣብ ምስማዕ ይርከቡ።

እዚ ናይ ሓሙስ ምሸት ጸወታ፡ ኣብ መጀመርታ እዚ ወርሒ ክካየድ ተሰሪዑ እኳ እንተነበረ፡ ሓኪም ባርሴሎና ካርለስ ሚናሮ ጋርሺያ ብምማቱ፡ ን27 መጋቢት ተሰጊሩ። ተጻወትቲ ክልቲኤን ጋንታታት ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ተጸሚዶም ብምቕናዮም፡ ክልቲኤን ክለባት እዚ ውድድር ክሰጋገረለን ናብ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ስጳኛ ሕቶኦ ኣቕሪበን እንተነበራ፡ ካብቲ ማሕበር ኣሉታዊ መልሲ'ዩ ተዋሂብወን። ባርሳ ኣብዚ ግጥም 3-ብ0 ብምዕዋት፡ ንማድሪድ ብሰለስተ፡ ንኣትሌቲኮ ድማ ብሸውዓተ ነጥቢ ብምብላጽ መሪሕነት ላሊጋ እኳ እንተ ሓዘት፡ ተጻዋታያ ዲ ኦልሞ መጉዳእቲ ስለ ዘጋጠሞ ምሉእ ሓጎስ ክኸውን ኣይከኣለን።

ነዚ ዝተዓዘበ ጁለስ ኮንዴ፡ "በዚ ናይ ሎሚ ምሕር ተቐጢዑ እዚ ንቡር ኣይኮነን። ብርክት ዝበለ ጸወታ ብምክያድና እዚ ካላንደር ክቕየረልና ደጋጊምና ሓቲትና ኢና። ዘይርድኣም ሰባት ከም ዘለዉ ይፈልጥ'ዩ፡ ንሕበሪይ ካብዚ ስቅያት ብምድሓና ዕደለኛ ዝቑጸራ እኳ እንተኾንኩ፡ እዚ ተግባር ግን ንዕቀት ንዓና ንክለባትናን እዩ" ኢሉ። ስምዒት ብዙሓት ተጻወትቲ ዘንጸባረቐ ኮንደ ወሲኹ፡ "ብዙሓ ኦሳሱና'ውን እየ ዝዛረብ ዘሎኹ፡ ከም ቡድማር ዝኣመሰሉ ከማይ ኣጉዳሲ ዕረፍቲ ዘይረኸቡ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ተጸሚዶም ዝቖጸ ተጻወትቲ ነይሮም እዮም። ኦሳሱና፡ ባርሴሎና፡ ሪያል ማድሪድ ወዘተ. ብዘየገድስ ከምዚ ዓይነት ተግባር ንዕቀት ንተጻወቲ'ዩ፤ ንክለባት ጥራይ ኣይኮነን። ንሕና ማሽን ኣይኮንናን፡ ብግቡእ ክዕረፍን ብሉጽ ጸወታ ክንጻወትን ዕረፍቲ የድልየና'ዩ። ላሊጋ ጥራይ ዘይኮነ ኹሉን ትካላት እዚ ክርድኡ ኣለወን" ኢሉ።

ብርክት ዝበሉ ተጻወትትን ኣሰልጠንትን ብወገኖም፡ ብዛዕባ'ዚ ናይዚ ወቕቲ መደብ ጸወታ መረረኦም ኣብ ምግላጽ ይርከቡ። በሊንግሃም፡ ኣካላውን ኣእምራውን ሃልኪ ከም ዘስዕበሎም ክገልጽ እንከሎ፡ ናይ ቸልሲ ኣሰልጣኒ ኢንዞ ማረስካ ድማ፡ "ልክዕ ንግድ'ዩ ግን ብዛዕባ ተጻወትቲ ድማ ክንሓስብ ኣሎና፣" ኢሉ።



ጁልየስ

ኣብዚ ዓመት ሓደ ተጻዋታይ ኣብ ኩሉ ግጥማት (ዋላ ኣህጉራዊ ግጥማት ሓዊስካ) ክሳዕ መውዳእታ እንተ ተሰሊፉ፡ ከባቢ 354 መዓልታት ኣብ ጸወታ ኣሎ ማለት'ዩ።

## ርያል ማድሪድ፡ ንተጻወትታ 250 ሽሕ ዩሮ መቑሸሽ ክትህብ'ያ



ዓወት፡ ግዴታ ርያል ማድሪድ ምዃኑ ዝኣምን ፕረዚደንት ርያል ማድሪድ ፍሎረቲኖ ፐረዝ፡ ኣብዚ ናይ ክልተ ወቕቲ መሪሕነቱ፡ ብሉጽ ጸወታ ንዘንጸባርቑን ሸቶታት ንዘመዝግቡን ተጻወትቱ ዝኾነ መቑሽሽ ክህብ ኣይተራእየን። ይኹን እምበር ኣብዚ እዋን'ዚ ንተጻወትቱ ግንዖ ክህቦም ኣእዳዉ ዘርጊሑ ይርከብ።

ብመሰረት ኮፕ ዝዘርግሐቶን እታ ከም ኣፈኛ ማድሪድ እትፍለጥ ጋዜጣ ማርካ ዘረጋገጸቶን፡ ተጻወትቲ ርያል ማድሪድ ንጋንታኦም ናብ ርብዒ ፍጻመ ከብጽሑዋ ብምኽኣሎም፡ ነፍሲ ወከፎም 250 ሽሕ ዩሮ ብድምር ን23 ተጻወትቲ ሽዱሽተ ሚልዮን ዩሮ ክወሃቡ እዮም። ፐረዝ ነዚ መቑሽሽ ክሀብ ዘገደዶ፡ ሓድሽ ኣሰራርዓ ግጥማት ሻምፒዮንስ ሊግ እዩ። ርያል ማድሪድ፡ ሎሚ ዓመት ናብ ርብዒ ፍጻመ ቅድሚ ምሕላፉ፡ ካብ ናይ ዓሚ ዝያዳ ክልተ ጸወታ ተጻዊታ ትርከብ። ዓሚ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ክልዕሉ 13 ግጥማት ከካይዱ እንከለው፡ ሎሚ ዓመት ግን 12 ግጥም ኣካይዶም ኣለው። ክሳዕ መጊከ ማለት ናይ መዛዘሚ ጸወታ እንተ ተበጺሖም 17 ግጥም ከካይዱ እዮም።

እዚ ግንዖ፡ ማድሪድ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግን ላሊጋን ክተልዕል ድርኺት ንምፍጣር ተባሂሉ፡ እዚ ወቕቲ ስፖርት ክፍልም እንከሎ፡ ሓሊፉ ጋንታን ናይዛ ክሉብ ፕረሲደንትን ብዘዘበርዎ ዙሉ ዝተወሰነ'ዩ።

ፊፋ፡ ህጡር ሽልማት ብምስላዕ ኣብ ወርሒ ሰነ ሓምለን ኣብ መንጎ 32 ክለባት ዓለም ዝካየድ ውድድር 'ዋንጫ ክለባት' ዓለም ሰሪዑ ብምህላዉ፡ ነዛ ዋንጫ ቀዳመይቲ እትልዕላ ማድሪድ ክትከውን ብዚጉ ዘሎ ፐረዝ ድማ፡ ተጻወትቱ ናብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ምብጽሖም ምኽንያት ብምግባር ነዚ መቑሽሽ ከበርክተሎም እዩ።

### መደብ ጸወታ

ኩዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል

ቀዳም

ኣርባዕተ-ኣስመራ ምስ መኸተ (ደቂ-ኣንስትዮ) 5:00 ድ.ቀ

ሜካ ምስ መኸተ (ደ.ተ) 6:00 ድ.ቀ

ሰንበት

ሲቲሰንተር ምስ ንስሪ (ደቂ-ኣንስትዮ) 8:00 ቅ.ቀ

ተስፋ ምስ ኣውሊያ (ደ.ተባዕትዮ) 9:00 ቅ.ቀ

ኢሬምቢ ምስ ሓይሊ ኣየር (ደ.ተባዕትዮ) 10:00 ቅ.ቀ

## ብሉጽ ኣሰልጣንን ተጻዋታይን ወርሒ መጋቢት

ኣብ ግጥማት ፕሪመር ሊግ፡ ወርሓዊ ንብሉጽ ኣሰልጣንን ብሉጽ ተጻዋታይን ንዝዕደል ሽልማት፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት ብሉጻት ኣሰልጠንትን ተጻወትትን ናይ ዝተባህሉ ዝርዝር ኣስማት ሰለስተ ኣሰልጠንትን ሽዱሽተ ተጻወትትን ተዘርጊሑ ይርከብ።

እቶም ንሽልማት ዝተሓጽዩ ኣሰልጠንቲ፣ ሩብየን ኣሞሪም ናይ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኑኖ ኤስፕሪቶ ሳንቶ ናይ ኖቲንግሃም ፎረስት ኣሰልጣኒ፡ ኑኖ ኤስፕሪቶ፡ ናይ ወርሒ ጥቅምትን ታሕሳስን ሽልማት ብሉጽ ኣሰልጣኒ ተዓዊቱ ነይሩ እዩ። ንብራይተን ንመጀመርታ ግዜ ናብ መድረኽ ሻምፕዮንስ ሊግ ከብጽሓ ተበጊሱ ዘሎ ፋብየን ሃርዘለር ብዮዜፍ ናይ ወርሒ ኑሓሰ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ወሲዱ ነይሩ። ኣብዚ ወርሒ ምስ ኣርሰናል ማዕረ ብምፍልላዩ፡ ንሊስስተር 3-ብ0 ብምርታዑ ጉዕዞ ዘይተሳዓረት ጋንታኡ ናብ ኣርባዕተ ጸወታ ዘበረኸ ኣሞሪም፡ ናይ ወርሒ ሰለስተ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ተረቚሑ ናይዚ ወቕቲ ፋልመይቲ ሽልማት ክትከውን እያ።

ካብ ተጻወትቲ ንሽልማት ዝተሓጽዩ ድማ፡ በሊጋርድ (ዎልቭስ)፡ ኢላንጋ (ኖቲንግሃም ፎረስት)፡ ሚለንቪች (ኖቲንግሃም ፎረስት)፡ ቫን ሀይካ (ብራይተን)፡ ፈርናንደዝ (ማንቸስተር ዩናይትድ)፡ ራይስ (ኣርሰናል) እዮም።

ሽልማት ብሉጽ ኣሰልጣንን ተጻዋታይን ወርሒ መጋቢት ሰሉይ 31 መጋቢት ብወግዒ ክነገር እዩ። እዚ ወርሓዊ ዝዕደል ሽልማት ብሉጽ ኣሰልጣኒ፡ ብኮሚተ ክኢላታትን 10 ሚእታዊት ዝሕዝ ቀጥታዊ ምርጫ ህዝብን ዝጠቓለል እዩ። ምዕዳል ናይዚ ሽልማት ኣብ ወርሒ ኑሓሰ 1993 ክፍልም እንከሎ፡ ኣሌክስ ፈርገሰን ተዓዊቱሉ ነይሩ። ብሉጽ ተጻዋታይ ከኣ፡ ብኮሚተ ክኢላታትን ነፍሲ ወከፍ ሓለቓ ጋንታ ናይ ክለባት ፕሪመር ሊግን 10 ሚእታዊት ዝሕዝ ቀጥታዊ ምርጫ ህዝብን ይውሃብ። ንናይ ቶተንሃም ተጻዋታይ ዝነበረ ጁርጋን ክሊንስማን ብሉጽ ተጻዋታይ ወርሒ ኑሓሰ 1994 ብምባል ከኣ ፈሊሙ።





ብሉጽ ተጻዋታይ






ብሉጽ ኣሰልጣኒ

# ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## “ግሪንላንድ ምስ ሩስያ ዝኾነ ርክብ የብላን” ፑቲን




ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ሃገሩ ምስታ ብስትራተጂያዊ ኣቀማምኣ ኣብ ዓይኒ ኣመሪካ ኣትያ ዘላ ደሴት ግሪንላንድ ዝኾነ ርክብ ከምዘይብላ ትማሊ ዓርቢ ሓቢሩ።

ፑቲን ዝኢ ዝሕብር ዘሎ፡ ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ነታ ደሴት ንምውናን ልዑል ድሌት ኣሕዲሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን ኮይኑ፡ ኣብቲ ዞባ ጂኦፖለቲካዊ ውድድር እናሓየለ ይኸይድ ብምህላዉ ሓያል ወጥሪ ከየስዕብ ዘለዎ ስክፍታ’ውን ንበቢሲ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካ ምስ ግሪንላንድ ክትምስርቶ እትደሊ ዝምድና ዕቱብ ምኽኑ ብምንጻር፡ ወጥናት ኣመሪካ ዓሚቝ ታሪኻዊ ሱር ዘለዎም ኣብ ርእሲ ምኻኖም፡ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ ጂኦ-ስትራተጂያዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ረቡሓታት ክልተአን ሃገራት ንምሕላው ክትሰርሕ ከምትኽእል ዘለዎ ጸንዕ እምነት ገሊጹ።

ርእይቶ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ነቲ ኣመሪካን ሩሲያን ዝምድናአን ንምምሕያሽ ዝኹብራኦ ዘለዋ ጻዕርታት እወታዊ ኣንፈት ክትሕዝ ከምዘኽእል ዘመልክተ በበሲ፡ ኣመሪካ ንግሪንላንድ ካብ ዴንማርክ ንምግዛእ ወጢናቶ ዘላ መደብ ብሞስኮ ዝኾነ ተቓውሞ ከምዘይገጠሞ ኣጺሩ።

## “ዝምድና ኣመሪካን ካናዳን ኣብቂዑ’ዩ” ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ

ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኣመሪካን ዝጸንሐ ዝምድና ድሕሪ ደጊም ከምዝበቐዐ ሓቢሩ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ መግለጺኡ፡ እቲ “ዝበረ” ክብል ዝሰመዮ ሕሉፍ ክልተኣዊ ዝምድና፡ ኣብ ወሀደት ቁጠባዊ፡ ጸጥታውን ወተሃደራውን ምትሕብባር ዝተመርከሰ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ ግን ናብ ዝኸፍአ ደረጃኡ ወሪዱ ምህላዉ ኣገዚቡ።



ካርኒ፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ኦታዋ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ድሕሪ ምኽያዱ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካናዳውያን ነቲ ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም ብተደጋጋሚ ዘጽደቖ ዘሎ ወሰኽ ታሪፍ ክሓስቡሉ ብምዝኻኻር፡ ንቑጠባ ሃገሮም ብኣሉታ ዝጸሉ ሓደገኛ ንግዳዊ ስጉምቲ ኣትረርም ክኸኣንዎ ጸዊዑ።

ንሱ ከምዚ ዝበል ዘሎ፡ ኣመሪካ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ልዕሊ ፍርያት’ታ ሃገር ዝኾና መካይን ናይ 25% ወሰኽ ታሪፍ ድሕሪ ምእዋጃ እዩ።

ካናዳ ብወገኣ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣመሪካ “ከቢድ” ዝበሎ ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ክትወስድ ትቀራረብ ከምዘላ ገሊጹ ኣሎ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ካናዳ ተደጋጋሚ ናይ ታሪፍ ወሰኽ ክትገብር ከምዝጀመረት ዘመልከተ እቲ መራሒ መንግስቲ፡ እቲ ስጉምቲታት ንንግዳዊ ዝምድና እተን ሃገራት ኣዝዩ ኣሻሕኪርዎ ምህላዉ ኣረዲኡ።

መራሒ ለበራላዊ ሰልፊ ዝኾነ ካርኒ ወሲኹ፡ እቲ ኣብ 1965 ዝተፈረመ ንፍርያት መካይን ካናዳን ኣመሪካን ዝምልከት ንግዳዊ ስምምዕ ረቢዕ ብዘወጸ ሓድሽ ናይ ቀረጽ ወሰኽ ብውዒ ከምዝፈረሰ ገሊጹ።

ካናዳውያን ንመጻኢ ምስ ኣመሪካ ድልዱል ንግዳዊ ዝምድና ክህልዎም ይኽእል ደዩ ኣይክእልን ዝብል ሓሳብ ድሙቕ ቀስ ኢልካ ዝርአ ጉዳይ ምኻኑ ወሲኹ ሓቢሩ።

ማርክ ካርኒ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ምርጫ ሃገሩ፡ ንወሰኽ ቀረጽ ኣመሪካ መምከቲ ክኸውን ዝኽእል ዝብል ሓሳብ ቀንዲ ፖለቲካዊ መገስገሲ ክጥቀመሉ ከምዝኽእል ተንተንቲ ይሕብሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ጀርመን ነቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ፍርያታ ዝኾና መካይን ኣጽዲቓቶ ዘላ ሓድሽ ወሰኽ ታሪፍ ተቓውሞኣ ተስምዕ ምህላዋ ይሕብር ኣሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ዝኢ ኣምልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካናዳን ሕብረት ኤውሮጳን ኣብ ንግዳዊ ኩናት ኣንጻር ኣመሪካ ሓቢሮም ከይሰርሑ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

## ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ጉዳይ ዩክሬን ተኸፋፊለን

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ጉዳይ ኲናት ሩሲያ-ዩክሬን ዝጸንሐን ኣረኣእያ ክፈላለ ከምዝጀመረ ገሊጹ።

ንሱ ዝኢ መግለጺ ዘሰምዕ ዘሎ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮለድሚር ዘለንስኪን ካልኦት ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን ናይተን ሕብረትን ኣብ ቤተ-መንግስቲ ‘ኤሊዚ ፓሪስ’ ተረኺቦም፡ ልፍንታዊ ሓይሊ ንምቛም ኣብ ዘቕረብዎ እማመ ምምቕቓል ድሕሪ ምስዓቡ እዩ።

ኣብቲ ርክብ፡ ኩለን ኣባላት ሕብረት-ኤውሮጳ ዩክሬን ምስ ሩሲያ ንእትገብሮ ስምምዕ ሰላም ንምድጋፍ ኣብታ ሃገር ሰራዊት ንምውፋር ዝቐረበ ሓሳብ፡ ኣብ መውዳእታ ምሉእ ደገፍ ከምዘይሰኣነ ዝንገር።

ማክሮን ንመራሕቲ ኔቶን ሕብረት ኤውሮጳን ዓዲሙ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ፓሪስ ዘኻየዶ ዋዕላ፡ ዩክሬን ምስ ሩሲያ ተኸሲ ደው ንምባል ኣብ እትደፍኣሉ ዘላ እዋን፡ ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምሕያል ዝዓለመ ምንባሩ’ዩ ዝሕብር።

ቀዳማይ ሚኒስተር ቸክ ሪፓብሊክ ፔትር ፈያላ ብወገኑ፡ ተኸሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ቅድሚ ምትግባሩ፡ ‘ሰራዊት ኤውሮጳ ናብ ዩክሬን ምልኣኽ’ ዝብል ዘተ ኣቐዲሞ ክሕሰበሉ ዘኽእል ምንባሩ ገሊጹ።

ልኡኻት ፈረንሳን ብሪጣንያን ብወገኖም፡ “ከምዚ ዓይነት ሓይሊ ኣብይ ክዋፈር ከምዝኽእል ዝርዝር ክጅመር ኣሎዎ” ብምባል፡ እቲ ሓብራዊ ሓይሊ ኣብ ምዕጋት እቲ ካብ ሩሲያ ክመጽእ ዝኽእል ወራር ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝህልዎ ኣስምሂርምሉ።




ወሃቢት ቃል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ማርያ ዛካሮቫ ብወገና፡ ፈረንሳን ዓባይ ብሪጣንያን ብኩልባዝበ ተልእኾ ዓቃብ ሰላም ኣብ ዩክሬን ወተሃደራዊ ምትእትታው ንምግባር መደብ ከምዘሓንጸጻ ብምኽሳስ፡ ኣብ መንጎ ሩሲያን ኔቶን ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ግጭት ክቶጎድ ከምዝኽእል ኣጠንቂቓ።

## ግብጺ - ሳብማሪን ብምጥሓላ በጻሕቲ ሞይቶም

ኣብ ምብራቓዊ ገምገም ባሕሪ ግብጺ፡ ኣብ ዝርከብ ማያት ቀይሕ-ባሕሪ ሓንቲ ሳብማሪን ድሕሪ ምጥሓላ፡ ክልተ ቈልዑ ዝርከብዎም ሽዱሽተ ሩሲያውያን በጻሕቲ ከምዝሞቱ፡ ካብቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ኣብቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ እዋን፡ ብዘይካ’ቶም ዝሞቱ ሽዱሽተ ሩሲያውያን፡ ግብጻውያን ዝርከብዎም ካብ ሃገራት ህንዲ፡ ኖርወይ፡ ሽወደን ዝመጽኡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ በጻሕቲ’ውን ከምዝነበሩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ኣብታ ሳብማሪን ተሳፊሮም ካብ ዝነበሩ በጻሕቲ 39 ሰባት ክድሕኑ ከለዉ፡ 13 ሰባት ድማ ፈኲሰን ከቢድን መጉዳእቲ ኣጋጢሙዎም ከምዝሎ ሰብ ስልጣን ሩሲያ ኣፍሊጦም።

ጠንቂ እቲ ኣብ ከባቢ ወደባዊት ከተማ ሁርጓዳ ዘጋጠመ ሓደጋ ብንጹር ንምፍላጥ፡ ምስ ሰራሕተኛታት እታ ሳብማሪን ብምትሕብባር መርመራታት ይካየድ’ኳ እንተሃለወ፡ እታ ሳብማሪን ምስ ዕምባባ ባሕሪ ብምጋጫዋ ዝሰዓበ ሓደጋ ክኸውን ከምዝኽእል ግን ግምታት ኣሎ።

ኣመሓዳሪ ገምገም ባሕሪ ግብጺ ኣምር ሃናፊ፡ ኣብታ ሓደጋ ዘጋጠማ ሳብማሪን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኡ 45 በጻሕትን ሓሙሽተ ዜጋታት ግብጺን ከምዝነበሩ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ናይ 2024 እውን ሓንቲ በጻሕቲ ዝሓዘት ጃልባ ኣብ ጥቓ ማርሳ ኣልላም - ቀይሕ ባሕሪ ብምግጫዋ፡ 11 ሰባት ደሃዮም ከምዝጠፍአ ዝዘከር እዩ።

ሁርጓዳ ብእትውንኖ ጽሩይ ገምገምን ዕምባባታት ባሕርን፡ ብበጻሕቲ ኣጋይሽ ብቐዳምነት እትጥቀስ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ካይሮ ትርከብ ፍልጥቲ ከተማ እያ።




## ምያንማር - ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ህንጻታት ኣዕንዩ

ኣብ ምያንማር 7.7ን 6.4ን ሬክተር ዓቐን ዘለዎ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምዝጋጠመ ተሓቢሩ።

እቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ልዕሊ ጽርግያታትን ኣብያትን ዘጠቓለለ ትሕተ-ቅርጺታት ከቢድ ዕንወት ከውርድ እንከሎ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ድማ መጠኑ ዘይተገልጸ ክሳራታት ኣውሪዱ ከምዝሎ ይሕብር ኣሎ።

እቲ ምንቅጥቃጥ ክሳብ’ታ ጎረቤት ሚያንማር ዝኾነት ታይላንድን ካልእ ከባቢታት ቻይናን ከምእተዘርግሐ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ህንጻታትን ህይወት ሰብን ጉድኣት ከምዝወረደ፡ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም ኣለዉ።

ኣብ ምያንማር ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብተዛማዲ ልሙድ ኮይኑ፡ ካብ 1930 ክሳብ 1956 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ 7.0ን ልዕሊኡን ሬክተር ዝዓቐኖም ሽዱሽተ ብርቱዓት ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምዝጋጠሙ ጸብጻባት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 29/03/25 | ጎደና 173-3ቁ.8፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ | 122035 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services